# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.216 | ቀዳም 10 ግንቦት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
10ተ ስጉምታት ኣብ ጕዕዞ ትምህርትኻ ብሉል ንምዃን


ገጽ 4
ኣገዳስነት ጥዕና ብቝሊ


ገጽ 5
መቕጻዕቲ ገበናዊ ሕጊ


ገጽ 11
ሻምፕዮንስ ክለባት ኵዕሶ እግሪ ይቕጽል


## መቓርካ - ሓዳስ ዲጋ ተሰሪሓ



ስእሊ- ኣብሃም በየነ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ - ምምሕዳር ከባቢ መቓርካ፡ ብምትሕብባር ህዝብን መንግስትን ብኣስታት 16 ሚልዮን ናቕፋ ዝተሃነጸት ሓዳስ ዲጋ፡ ብ8 ግንቦት ተመሪቓ።

ኣብ'ቲ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይን ኣዛ. እዚ. ማእከል ብርጋዴር ጀነራል ተኽለ ክፍላይን ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ እታ ዲጋ ኣብ ውሽጢ 13 ኣዋርሕ ከም እተሃነጸት ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ መቓርካ ኣቶ ኣንገሶም ኣስመላሽ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ተኸሲቱ ንዝጸንሐ ጸገም ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን ዘላቒ ፍታሕ ከምእተምጽእ ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

እዛ 152 ሽሕ ሜትሮ ኩቦ ማይ እትሕዝ ዲጋ፡ 12 ሜትሮ ቁመትን 75 ሜትሮ ጎድን ከምዘለዋ ዝጠቐሰ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ብወገኑ፡ ገፊ-ገፊ'ቲ ምንጪ ዝስተ ማይ ምውሓሱ፡ ኣብ ምድንፋዕ ማሕበራዊ ልምዓትን ምዝራእ ዓሳታትን ግደ ከምዝህልዋ ብምሕባር፡ ንጻወት ናይ'ቲ ስራሕ ዝበርከቱ ወገናት ብሓፈሻ፡ ኣብ'ቲ ስራሕ ዝሃበዩ እጃም ንዝበበራ ኣሃዱ ሓይልታት ምክልኻልን ህዝብን ድማ ብቐንዱ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ብወገኑ፡ ምስራሕ ዲጋ ሓያል ጉልበትን ግልን ስለዝሓተት፡ ነቲ ብዘጋጠሞም ብድሆ ከይተሰናኸሉ፣ ዓቕሚታቶም ኣወሃሂዶም ኣብ ምዝዛም ምብጽሖም የሃናኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ምስራሕ ዲጋ ምፍጻም ሓደ ምዕራፍ ጥራይ ስለዝኾነ፡ ማይ-ክዖታታ ክፍወሰን ቀጻሊ ክንክን ክግበረላን ኣዘኻኺሩ።

ኣዛ. ናይ'ታ ኣብ'ቲ ስራሕ ዝተሳተፈት ክፍለ-ሰራዊት ድማ፡ ማስርሕ ህንጻት ዲጋ ማይ ሽሻ ወጽኢት ወሃዱ ስራሕ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ነቲ ንዝገበሩሉ ቀጻሊ ምትብባዕ መጎሱ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ቲ ስራሕ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ወረቐት ምስክር ተዓዲሉ።

ካብ ኣስመራ ንሸነኽ ምዕራብ 34 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ እትርከብ ምምሕዳር ከባቢ መቓርካ፡ ሓንቲ ካብ 13 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኮይና፡ ንዓድታት ወርሒ-ሰቡ፡ ደቂ-ዓሸምን መቓርካን ትጥርንፍ።

## ፈስቲቫል ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ ተዛዚሙ

“ሞያና ንሕብረተሰብና” ብዝብል ቴማ ንሸውዓተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ፣ ብመልክዕ ውድድር ዝተዳለወ ትምህርታዊ፡ ባህላዊ፡ ስፖርታዊ፡ ከምኡ'ውን ምህዞን ሰነዳን ዘጠቓለለ መበል 12 ፈስቲቫል ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ ብ7 ግንቦት ተዛዚሙ።



ስእሊ- ዮናታን የዕብዮ



ኣብ'ቲ ፈጻሚ ዳይረክተር ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን ዶ/ር ሃይለ ምሕጹንን ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲንን ዝተረኸቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ብተመሃሮ ዝተዳለወ ንዘቕሰሞዎ ትምህርቲ ዘንጸባርቕ ስእላውን ንዋታውን ምርኢት ቀሪቡ።

ወኪል ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ኮሌጅ መንእሰይ ሮሞዳን መሓመድኑር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ዓመታዊ ፈስቲቫል፡ ክንጽሮ ውድድርን ምዝንጋዕን፡ ተመሃሮ ሓድነቶም ዘደልድሉሉ፣ ፍልጠቶም ዘማዕብሉሉ፣ ፈጠራዊ መንነቶም ዘዕብዩሉ፣ ወጽኢት ትምህርቲ ብዓብዪ ዝኾልዓሉ፣ ከምኡ'ውን ሃገራዊ ክብርታት ዝወርሱሉን ዘኽላዕሉን ኣገዳሲ መድረኽ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ዲን ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ ፕሮፌሰር ጉዕራይ ኣስገዶም ብወገኑ፡ ዓመት መጺ ምስ ሃማመተኤ ብምውህሃድ ዝውደብ ፈስቲቫል፡ ተመሃሮ በብዓውደ-ትምህርቶም ዘፍረይዎ ትሕዝቶ ዘቕርቡሉ፣ ዝቐሰሞዎ ትምህርቲ ብዓብዪ ክልሰ-ሓሳባዊ ዘርእዩሉ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ስፖርትን ስነ-ጥበብን ዘለዎም ዝንባለታት ንኸሰልጥኑ ዕድል ዝረኽቡሉ ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ንጻወቱ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንዕወታት ሽልማት ተዓዲሉ።

ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ኣባል ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ ኣቶ ኣሕፈሮም ተወልደ፡ “ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩናት” ብዝብል ኣርእስቲ፡ ንተመሃሮን ተሳተፍትን ሰሚናር ኣቕሪቡ።

**መስመርና ድርዕና!**

# ዜና

## እምኒሓይሊ - ፕሮጀክት ውሁድ ምሕደራ ምፍዋስ ማይ-ክዖ ዝምስገን ውጽኢት የመዝግብ

ካብ 2021 ጀሚሩ ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒሓይሊ - ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ዓዃ ዝሰላሰል ዘሎ ፕሮጀክት ውሁድ ምሕደራ ምፍዋስ ማይ-ክዖ፡ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ከምኡ'ውን ምስሳን ሃብቲ ገረብ ዝምስገን ውጽኢት ተረኺቡዎ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብትኣብ ተስፋጼን፡ ነቲ ኣብ ኣስታት ኣርባዕተ ሽሕ ሄክታር ዝዕመም ዘሎ ንጥፈታት ንምዕዛብ ብ2 ግንቦት ዑደት ኣብ ዘካየደሉ፡ መብዛሕትኡ መብቆላዊ ዝኾነ ልዕሊ 45 ሽሕ ፈልስታት ገረብ ተተኺልዎ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ ዝሓበረ ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ ፕሮጀክት ኣቶ ሚካኤል ጉብረያውሃንስ፡ ንተራን ኣበርክቶን ነበርትን ከኢላታት ሕርሻን መጊሱ።

እቲ ስራሕ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ማይ-ምግን ደቀምሓረን ንዝሰላሰል ዘሎ ተመሳሳሊ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ከም መወከሲ የገልግል ከምዘሎ'ውን፡ ብተወሳኺ ኣፍሊጡ።

ኣቶ ሃብትኣብ ብወገኑ፡ እቲ ፕሮጀክት በጺሕዎ ዝዘሎ ደረጃ ድሕሪ ምዕዛቡ፡ ብዛዕባ ናይ መጻኢ መደባትን ዘጋጥም ብደሆታትን ምስ ከኢላታትን ወከልቲ ህዝብን ተዘራሪቡ።

ወከልቲ ህዝቢ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ፕሮጀክት ንሓፈሻዊ ምስሊ'ቲ ከባቢ ዝቐየረን ናይ ስራሕ ዕድል ዝፈጠረን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ውጽኢት ዘኻየድዎ ጻዕሪ ብጉዝበ ክርአዩ ምብቅያም ከምዝለገሶም ገሊጾም።



## ዓንሰባ - ሕርሻ ፉል ንምስፋሕ ጻዕሪታት ክካየድ ጻውዒት ቀሪቡ

ልዑል ቁጠባውን መኣዛውን ረብሓታት ዘለዎ ሕርሻ ፉል ንምስፋሕ ዝተወሃሃደ ጻዕሪ ክካየድ፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ልምዓት ብቑሊ ጸዊዑ።

ፉል ካብ'ቶም ንጥዕና ወዲ-ሰብ ዘገድሱ ማዕድናት ዘለዎም ኣገደስቲ ናይ ቅብኣ ዘራእቲ ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ተስፋብርሃን ሓጎስ፡ ፍርያምነት ሓመድ ኣብ ምህብታም ልዑል ኣበርክቶ ዘለዎ፡ ተረፍ ምህርቱ'ውን ንመግቢ እንስሳ ዘገልግል ብምዃኑ፡ ሓረስቶት ብሰፊሑ ክለምዕዎ ከምዝግባእ ኣገንዚቡ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ዝፈሪ ፉል፡ 95 ሚእታዊት ካብ'ቲ ኣብ መላእ ሃገር ዝፈሪ ሰፍሓት ከምዝሽፍን ብምግላጽ፡ ብውሑድ መጠን ኣብ ዞባታት ሶሚናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ጋሽ-ባርካን ደቡብን ንዝለምዕ ፉል ንምዕባዩ፡ ተራ ኩሉ ኣካል ብሓፈሻ ናይ ሓረስቶት ድማ ብፍላይ ክዓዝዝ ጸዊዑ።

ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሓጋዝን ሓመልማሎን ብብዝሒ ዝዝራእ ዘሎ ፉል፡ ናብ ንኡሳን ዞባታት ከረን፡ ሃብሮ፡ ዒላበርዕድ፡ ኣስማጥን ገለ ክፋል ሓልሓልን ንምስፋሑ፡ ኣስዳሰን ምትብባዕን ከምዝግበር ብምግላጽ፡ ዛጊት 3,500 ሓረስቶት ተጠቀምቲ ኮይኖም ምህላዎም ኣጺፊሩ።

ብውሑድ ዓቐን ማይ ኣብ ሐጻ ዝዓይነቱ ሓመድ ዝፈሪ ዘርኢ ፉል፡ ኣብ ሄክታር ካብ 80 ክሳብ 100 ኪሎ ዘርኢ ፉል ዘራእካ፡ ካብ 15 ክሳብ 20 ኩንታል እቶት ክሕፈስ ከምዝኽእል፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ኣቶ ተስፋብርሃን ብተወሳኺ፡ ሓረስቶት ክሳብ ሕጂ ኣብ ዝለመድዎ ዓይነት ሕርሻዊ ንጥፈት ይዋፈሩ ምህላዎም፡ ካብ'ቲ ልምዓት ፉል ክም'ቲ ዝድለ ከይሰፍሕ ዝዕንቅጽ ዘሎ ምኽንያት ብምግላጽ፡ ሓረስቶት ኺ-ኺ'ቲ ካልእ ንጥፈታት ሕርሻ፡ ኣብ ቅብኣን ጥረታትን ኣተኩሮ ክገብሩ ምዒዱ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ 4,590 ሄክታር ብፉል ዝለምዕ መሬት ከህሉ ከሎ፡ ኣብ 2024 ልዕሊ 61 ሽሕ ኩንታል ምህርቲ ከምዝተሓፍሰ፡ ጸብጻብ ሚኒስትሪ ሕርሻ የረድእ።



## ማእከል ደንካልያ - ኣብ ምም/ከባቢ ኣፋምቦ፡ ሓዳስ ዲጋ ትህነጽ ኣላ

ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምምሕዳር ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን ሓይልታት ምክልኻልን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ማእከል ደንካልያ - ምምሕዳር ከባቢ ኣፋምቦ፡ ሓዳስ ዲጋ ትህነጽ ኣላ።

እዛ ዲጋ ምስ ተዛዘመት፡ 46 ሜትሮ ንውሓት፡ 9 ሜትሮ ጎድኒ፡ 4 ሜትሮ ድማ ዕምቈት ከምዝህልዋን ክሳብ 280 ሽሕ ሜትሮ ኩቦ ማይ ከምእትሕዝን ተፈሊጡ ኣሎ።

ነቲ ማስርሕ ህንጻት ዝከታተል ዘሎ ኢንጂነር መርሃዊ ደሱሓቕ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ከባቢ ኣጻምእ ስለዝኾነ፡ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ኣህብተምካ ምንጪ ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን ብምውሓስ ሕርሻዊ ንጥፈታት ንምክያድ ዝሕግዝ ስራሕ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ካብ ነበርቲ - ኣቶ ዓሊ መሓመድ ሱመናይ፡ እቲ ከባቢ ርኡይ ጸገም ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን ከምዝለዎ ብምጥቃሱ፡ እቲ ተወሰዱ ዘሎ ተበግሶ ሩፍታ ከምዘፈጥረሎም ሓቢሩ።

ምስ ምዝዛም ናይ'ታ ዲጋ፡ ዓድታት ኪሚራ፡ ናብሮ፡ ኣፋምቦን ዓሳቡይን ተጠቀምቲ ከምዝኾኑ፡ እቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጳ. 1284


## ባረንቱ - ብቋንቋ ምልክት ዝሰልጠኑ መንእሰያት ተመረቖም

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ንጽመማን ዘጋጥም ናይ ምርድዳእ ጸገማት ንምቕላል ብዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ኣብ ከተማ ባረንቱ ብቋንቋ ምልክት ዝሰልጠኑ መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ተመረቑ።

ብ4 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ኣደ-መንበር ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ጽመማን ዞባ ጋሽ-ባርካ መንእሰይ ሰዚ. ብርሃ፡ ሰልጠንቲ ካብ ዝተፈላለየ ትካላት መንግስቲ ዝተዋጽኡ ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ነቲ መደብ ንምዕዋት ኣበርክቶ ንዝገበሩ መሻርኽቲ ኣመስጊና።

ወከል ተመረቕቲ ብወገና፡ ጽመማን ናብ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝኸዱሉ፡ ብቋንቋኦም ዘረድኦም ስለዘይርከብ ክሸገሩ ምጽንሖም ብምሕባር፡ ንዘቕሰምዎ ስልጠና ብግቡእ ክሰርሑሉ ምዃኖም ኣረጋጊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ፍራንኮ ኮባን ግዜያዊ ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ማሪቆስ ግርማጼንን ብግደኦም፡ ጽመማን ብዘርድኦም ቋንቋ ዝገልገሉሉ ባይታ ምፍጣር ሕልናዊ ግዴታ ጥራይ ዘይኮነ መሰል'ውን ስለዝኾነ፡ ስልጠና ቋንቋ ምልክት ንምስፋሕ ብወህደት ክሰራሕ ኣተሓሳሲቦም።



# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ንግንዛበ

# 10+ ስጕምታት ኣብ ጕዕዞ ትምህርተይ ብሱል ንምዃን

ንዝኾነ ሰብ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ምዕባለ ንኽህሉዎ ካብ ዝጸልዉ ረቛሒታት ዕድመ እዩ። እንተኾነ፡ ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝኾነ ግዜ፡ ነብሱ ሃኒጹ፡ ባዕሉ ብሱል ሰብ ክኸውን ይኽእል እዩ። ነብሲና ብብዙሕ ረቛሒታት ክንሃንጽ ንኽእል'ዃ እንተ ዀንና፡ እቲ ኣብ ኣእምሮና እንገብሮ መቐይሮ ግን ብሱል ሰብ ንምዃን ይሕግዘና። ለባም ሰብ ጕይታ ኣእምሮኡ እዩ፣ ዓሻ ድማ ባርያ ኣእምሮኡ እዩ።



### 1. መጀመርታ ግን ድልየታትናን ክንገብሮ ዘሎናን ምፍላጥ

እቲ መሰረታዊ ነገራት እንተ ደኣ ረኺብና፡ ነቲ ድሌታትና ዘይረኸብና ኢልና ኣብ ጭንቀት ዘእቱ ምኽንያት የብልናን። ድልየታትና ተወሳኺ እዩ። ነዚ፡ ብዙሕ ግምት እንተ ዘይሂብና ኢና ድማ በቲ መሰረታዊ ነገራት ንረኽቦ እንኽእል። ሓንቲ ጫማ እንተ ኣላትካ ካልእ ዘድሊ ነገር እንከሎ ካልእ ጫማ ክህሉወካ ምድላይ፡ ምስ ግዜ፡ ወልፊ ምግዛእ ጥራይ እዩ ሒዙልካ ዝመጽእ።

### 2. ካብ ሰብ ተቐባልነት ክትረክብ ኣይትጽዓር ወይ ነብስኻ ምስ ካልእ ሰብ ኣይተወዳድር

ንስኻ ንስኻ ጥራይ ኢኻ። ንዓኻ ዝመስል ክሳብ ዘይሃለወ፡ ምስ ካልእ ሰብ ብምውድዳር ነብስኻ ኣይተዳኽም። ንዓይ እዚ ዘይብለይ ምባል ነቲ ዘሎካ ዘይኮነ፡ ነቲ ዘይብልካ ከም ትዝክር ጥራይ እዩ ክገብረካ። በቲ ዘሎካ ኣመስግን። ነብሲኻ ምስ ታሕተዋይ ደረጃ እንተ ሰሪዕካያ፡ ታሕተዋይ ደረጃ ኢኻ። ነብሲኻ ምስ መን ተወዳድራ ዘይኮነ፡ ከመይ ተመሓድራ እዩ ዘለብመካ።

### 3. ንብጾትካ ማዕረ ክንደይ መልክዐኛ ወይ በሊሕ ምዃንካ ምንጋር ኣገዳሲ ኣይኮነን

ሓይልኻን ጽባቐኻን ንሰባት ክትነግር ምፍታን ድኻምካ ጥራይ እዩ ከርኢ ዝኽእል። ንጽባቐኻን ሓይሊኻን ብጃህራ ኣይትድለዮ። ከመይ ትሃንጾን ትከናኸኖን ጥራይ ሕሰብ። ሰብ ባዕሉ ክስተብህለሉ እዩ።

### 4. ኣብ ሰባት ክቱር ትጽቢት ኣይሃልኻ

ነብስኻ እመን። ሰባት፡ መጠን እቲ ዘሎካ ትጽቢት መጠኑ እንተ ዘይጸኒሖሙኻ፡ ክንዲኡን ልዕሊኡን ክትህሰ ኢኻ። ትጽቢትካ ጕሲኻ ነብስኻ ብምእማን፡ ሃብን ተቐበልን፣ ግን ከኣ ምሉእ ትውክልትኻ ኣብ ሰባት ኣይትግበር። እቲ ብናጻ ዝህብ እዩ ብናጻ ዝቕበል። ኣብ ሰባት ምትሕግጋዝ እኮ ክህሉ ዘሎዎ እንተኾነ፡ ከምዚ ገይረልካ እየ እሞ ከምዚ ግበረለይ ምባል ግና ዘዕብየካ ኣይኮነን።

### 5. ብስለት ሕድገት'ውን እዩ

ቂምታ ገዲፍካ ሕድገት ግበር፣ ንዓኻ ንኽሕሸካ ንውሸጢኻ ኣጽሪ። ሰላም ውሸጢ ካብ ውሸጢ እዩ። ቂም ግደፍ፣ ቂምታ ምሓዝ ማለት ባዕሊኻ መርዚ ጨሊጥካ ነቲ ዝተቐየምካሉ ክመውት ከም ምጽባይ እዩ። ነቲ ትቕየመሉ ዘለኻ፡ ተኸኽ ኢልካ ምሕማምካ ክስምዖ እዩ ኢልካ ምሕሳብ ዕሽነት ጥራይ እዩ።

### 6. ኩሉ ሰብ በብርድኢቱ ቅኑዕ እዩ

ፍጹም ሰብ የለን፣ ዋላ'ውን ሓደ። ሰብ፡ ካብ ካልእ ሰብ ፍልይ ዝበለ ክኸውን መሰሉ እዩ። ሰብ ከምዚ ኢሉኒ፡ ከምዚ ደጊምኒ ኢልካ ጕሪምሪም ኣይትበል። ንሱ'ውን ብርድኢቱ ቅኑዕ ኣለኹ ኢሉ እዩ ዝሓስብ። ሓቂ ዝበሃል ኩሉ ሰብ በብርድኢቱ ቅኑዕ እዩ ኢሉ ዝኣመነሉ ጥራይ እዩ። ኣነ እየ ቅኑዕ ዘለኹ ካብ ምባል፡ ንሱ ብምንታይ ዓይኒ ርእዩዋ ይኸውን እዩ ዘሰማምዓካ። ምኽንያቱ፡ ቍጽሪ ትሸዓተን ሹዱሽተን በየን ኬንካ ትጥምተን እዩ እምበር ክልተኣን ሓደ እየን። ኣስተውዕል ነገራት ከከም ኣጠማምታኻ ኵሎም ቅኑዓት እዮም።

### 7. ሰብ ክትቅይር ኣይትፈትን

እቲ ኣብ ሰባት ክትርእዮ እትደሊ ለውጢ፡ ኣብ ነብሲኻ ግበሮ። ንሰባት ክንምህሮም እምበር ክንለውጦም ኣይንኽእልን ኢና። ሰብ ምቕያር'ውን ሓላፍነትካ ኣይኮነን፣ ነብስኻ ምቕያር እምበር። ሰባት ከምቲ ንስኻ ትደልዮ ክኾኑልካ እንተ ደሊኻ፡ ነገራት ብዓይኖም ክትርእዮ ኣለካ። ኣብ ሰባት ዝተመዛዘነ ኣጠማምታ ይሃሉኻ። ንሰባት ተረድኣዮም፣ ፍልጠት ደልብ፣ ነቲ ክትበጽሖ ትደሊ ብጽሓዮ፣ እቲ ዝበጻሕካዮ ንሰባት ኣካፍል። ከተካፍል እምበር ክትለውጥ ግን ኣብቲ ሰብ እዩ ዝምርኰስ።

### 8. ኣይተመኽኒ

ነቲ ክትገብሮ ትደሊ ግበሮ። ሎሚ እያ ምሳኻ ዘላ፣ ጽባሕ ኣይናትካን እያ። ነቲ ክትበጽሖ እትደሊ ክትበጽሖ እንተ ደኣ ደሊኻ፡ ኣይተመኽኒ። ምስምስ ገዲፍካ ነፍሲ ወከፍ ደቒቕ ንበራ። ኣብ ዝወደቕካሉ ግዜ'ውን እንተኾነ "ንጽቡቐይ እዩ፡" በል፣ ንሱ ጥራይ ኣይኮነን እቲ መገዲ። ዋላ'ውን እቲ ጻዕራም ዝነበረ ቶማስ ኢድሰን፡ እቲ ናይ ነዊሕ ዓመታት ትካሉ ብሓዊ ተቓጺሉ እናተሃሞኹ፡ "ኵሎም ጌጋታትና ተደምሲሶም እዮም። ሕጂ ከም ብሓድሽ ንጀምር፡" ክብል እዩ ተሰሚዑ። ውድቀትካ ይኹን ጕደሎታትካ ከሰንብደካ ዘይኮነ፡ መንጠሪ ባይታ ክኾነካ ጥራይ ፍቐደሉ።

### 9. ናይ ተግባር ሰብ ኩን

ኣብ ውዋን ኣይትንበር፣ ናይ ተግባር ሰብ ደኣ እምበር። ትህኪት፡ ዝተባዕጠን መማረሪን ምዃን ነቲ ዝነበረካ ብልሓት የጕድሞ እዩ። ነታ ዘላትካ ግዜ፡ ባዕልኻ ክሳብ ዘኾንካ ዋናኣ፡ ናብ ጽባሕ ኣይተሰግራ። እቲ ሎሚ ዘይገበርካዮ ጽባሕ'ውን ናብ ካልእ ጽባሕ ተሰጋግረላ ባይታ ከይትኾነካ፣ ንዘዝመጽእት ጽባሕ ክትፈቕድ ብዙሓት ጽባሓት ከይሓልፉኻ።

### 10. ግዜኻ ተቘጻጸር

ግዜ እንተ ዘይዓዲኻሉ ካብ ምቍጻር ድሕር ኣይብልን እዩ። ግዜ ይኸይድ ኣሎ፣ እቲ ሕማቕ ነገር ግዜ ከም ነፋሪት ብፍጥነት ይሸብብ እዩ። እቲ ጽቡቕ ነገር ንስኻ ኢኻ እቲ ፓይሎት። ግዜኻ ስቕ ኢልካ ኣይተባኽን፣ ነፍሲ ወከፍ ደቒቕ ከመይ ትትቀመላ ሕሰብ።

ሊሄም ዘ. - ኣስመራ

## ዳእላ ተመሃሮ



Teacher: I told you to stand at the end of the line?

Pupil: I tried, but there was someone already there!

***

Teacher: Cindy, why are you doing your maths sums on the floor?

Cindy: You told me to do it without using tables!

ሜሪ ማና

## ሞቕሽሽ A.M. & P.M. እንታይ ማለት'ዩ?

ንመዓልቲ ኣብ ክልተ መቒልና ድሕሪ ቐትርን ቅድሚ ቐትርን ኢልና ንፈላልዮ ኢና፡ ኤይ.ኤም.ን ፒ.ኤም.ን (AM & PM) ኢልና ብእንግሊዝኛ ንጠቕሶም፡ ኣይ.ኣም. ንቕድሚ ቐትሪ፡ ፒ.ኣም. ከኣ ንድሕሪ ቐትሪ ንጥቀመሎም፡ ብቛንቋ ላቲን ፍርቂ መዓልቲ መሪዴስ (meridies) ይብሃል፡ ተዛረብቲ ላቲን ንቕድሚ 'ኣንተ' (ante) ንድሕሪ ኸኣ 'ፖስት' (post) ይብልዎ፡ ስለዚ ቅድሚ ቐትሪ ብAM - Ante Meridies፡ ድሕሪ ቐትሪ ድማ ብPM - Post Meridies ኣሕጺርና ንጥቀመሎም፡

## ቀዳመይቲ ሰዓት




ሰዓት፡ ክሳብ 1900 ዓ.ም.፡ ኣብ ናይ ስረ ጁባ ነበረ ሰፈራ። ከም ዝዕለሉ፡ ስዊዘርላንዳዊ ሰራሒ ሰዓት ኣብ ሓደ መናፈሻ ሓንቲ ሰበይቲ ሰዓታ ኣብ ኢዳ ኣሲራ ብኽልተ ኢዳ ብዘይ ጸገም ደቃ ሒዛ ክትሓልፍ ርእዩዋ። እዚ ምስ ረኣየ፡ ብ1790 ዓ.ም. ሰዓት ኣብ ኢድ ከም እትእሰር ገይሩ ሰሪሑዋ። እንተኾነ፡ እዚ ስርሑ ጠመተ ከይተዋህቦ ሓደ ዘመን ሓሊፉ። ብ1914 ዓ.ም. ናይ ኢድ ሰዓት ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ሓደ ኤግዚቪሽን ምስ ቀረበት፡ ሰባት ክድነቑላ ተራእዩ። ሎሚ ኣብ ዓመት ብውሑዱ 80 ሚልዮን ሰዓታት ይፈርያ ኣለዋ።

## ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

### በላሕቲ እንዲኹም...




መንቋሕቋሕታ፣ እዚ ሕቶ ኣብቶም ቍጽሪታት ብዘሎ ዝምድና ብምልላይ ይስራሕ። ንመልሲኹም ኣብ ኵሉ ደረጃታት ከም ዝሰርሕ ብርትዒ ኣረጋግጹ። ምስ ፈተንኩሞ ምስ ብጻይኩም ተዛተዩሉ። እንተዘየሎ ኣብቲ መንደቕ ሃሰስ በሉ።

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ኵሎም ዓበይቲ ሓቅታት፡ ከም ርኽሰት እናተወሰዱ እዮም ዝጅምሩ።"

- ጆርጅ በርናርድ ሾው

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ኣገዳስነት ጥዕና ብቑሊ

ኣብዛ እንነብረላ ዓለም፡ ጥዕና ደቂ ሰብ፡ እንስሳታት፡ ኣከባብን ንኽወሓስ፡ ኣገዳስነት ጥዕና ብቑሊ ኣብ ቅድሚት ይስራዕ። ብቐጥታን ብተዘዋዋርን መስርሕ ቀጻልነት ናይዞም ዝገለጽናዮም ህይወታውያን ኣብ ብቑሊ ይምርኮሱ። እንተኾነ፡ ዘይቅርዑይ ንጥፈታት ወዲ ሰብ ዝጠንቁ ክሊማዊ ለውጢ፣ ተርእዮ ባህርያዊ ሓደጋታት፡ ለበዳዊ ባልዓት፡ ባርዕ ጫካታት፡ ዕልቕልቕ ማይን ደርቕን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክስተቶም ንቡር እናኾነ ይመጽእ ኣሎ፣ ከም ውጽኢቱ ድማ ጥዕና ብቑሊ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ይርከብ። ኣገዳስነት ጥዕና ብቑሊ ንውሁድ ጥዕና እምበኣር በዚ ዝስዕብ ክትንተን ይኽእል፥

**ጥዕና ብቑሊ፡ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ሰባት**

ጥዕና ብቑሊ፡ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ደቂ ሰብ ወሳኒ ግደ ይጻወት። ምኽንያቱ ብቑሊ፡ ኣብ ምድላው መኣዛዊ መግቢ፡ ብዓቢኡ ድማ ኣብ ምውሓስ ቀረብ ኦክስጅን ወሳኒ ተራ ስለዘሎዎ። መብዛሕትኡ እዋን፡ ኩሎም ብቑሊ ኣብ መስርሕ ቀጻልነት ሰንሰለት መግቢ ወሳኒ ቦታ ይሕዙ፣ ከም ቀንዲ ኣፍረይቲ ኮይኖም ድማ ይርከቡ። ልዕሊ 80 ሚእታዊት ደቂ-ሰብ ዝምገብዎ ይቐርቡ፣ ከም ቀንዲ ምንጪ መግብን መዕቀብን እንስሳ'ውን እዮም።

ባልዓት ብቑሊ፡ ምህርቲ ብዓይነት፡ እቶትን እቶታውነትን ይጸልዉ። እዚ ድማ ንቐረብ መግቢ ብኣሉታ ይጸሉ። ንባልዕ ተኽሊ ንምቁጽጻር ጸረ-ባልዕ ምስ እንጥቀም፡ ኣብ ጥዕና ሰብ ከበድቲ ሳዕቤናት ጥዕና የመጽእ፣ ምዝንባዕ ሆርሞናት፡ ምውሳኽ ሓደጋ ሕማም መንሸሮን ካልእን ከስዕብ ይኽእል።

**ኣብ ምውሓስ ጥዕና እንስሳታት**

ብቑሊ፡ ቀንዲ ምንጪ መግብን መዕቈብን እንስሳታት ዘቤትን ዘገዳምን እዩ። ጥዕና ብቑሊ ብሓሳኹ ወይ ሕማማት ምስ ዝጥቀዕ፡ ንእንስሳታት ጎዳእቲ ዝኾኑ ባእታታት ከፍርዩ ይርኣዩ። በዚ መሰረት ጥዕና እንስሳታት ብኽቢድ ይጽሎ። ከምኡ'ውን ብርክብ ወይ ድማ ብመተሓላለፊ ተሸከምቲ ናብ እንስሳታት ክመሓላለፉ ይኽእሉ። ካልእ ጎዳእቲ ረኽሲ ከስዕቡ ዝኽእሉ ባእታታት ክዕቅቡ'ውን ይኽእሉ። ድኹም ጥዕና ብቑሊ፡ ሕጽረት መኣዛታት፡ ምድኻም ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ከምኡ'ውን ኣብ እንስሳታት ንሕማማት ተቓላዕነት ክውስኽ ይኽእል። ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ክዝርጋሕ ዝኽእል ሕማማት፡ ካብ ምንጭታት ብቑሊ'ውን ክመጹ ይኽእሉ። ንኣብነት፡ ገለ ፋንጋስ ንመግብን ፍርያት ቀለብን ዝብክሉ፡ ንጥዕና ደቂ-ሰብን እንስሳታትን ክጸልዉ ዝኽእሉ መርዛማት ነገራት ከውጽኡ ይኽእሉ። ምሕላው ጥዕና ብቑሊ፡ ጽቡቕ ህይወትን እንስሳታትን ደቂ-ሰብን ንምርግጋጽ ወሳኒ ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ።

**ኣብ ምውሓስ ጥዕና ኣከባቢ**

ብደረጃ ዓለም፡ እቶም ቀንዲ ጠንቂ ዕንወት ኣከባብን ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነትን ዝኾኑ ክሊማዊ ለውጢ፡ ዘይ ቅርዑይ ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ጸጋታት፡ ወረርቲ/ ሓደስቲ ባልዓት (Invasive Pests)፡ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ጸረ-ባልዕ መድሃኒት ምጥቃስ ይከኣል። እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ ጥዕና ብቑሊ፡ ኣከባቢ፡ እንስሳታትን ሰብን ዓቢ ዕንወት የውርድ። ጥዕና ብቑሊ ብግቡእ ክዕቀብን ክሕሎን እንተ ዘይተኻኢሉ፡ ውሑስን መኣዛዊ መግብን ክርከብ ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ጸቢብ ይኸውን። ምኽንያቱ፡ እንስሳታት፡ ብቑልን ውጽኢት ብቑልን ስለ ዝምገቡ፡ ካብ እንስሳታት ዝርከብ ዝነበረ ብሰንኪ እተፈላለዩ ሕማማት ክጎድልን ብዓቢኡ ድማ ክስኣንን ይኽእል። ብቑሊ ብቐጥታ ወይ ተመስሪሑም ከም መድሃኒት ኮይኖም ከገልግሉ ይኽእሉ። ጥዕና ብቑሊ ንኽሕሎ ድማ ጥዕና ኣከባቢ ክዕቀብ ይግባእ። ክሊማዊ ለውጢ፡ ባልዓት ባህርያቶም ንኽልውጡ፡ ተጻዋርነት ንኽጥርዩ፡ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ንኽግዕዙን ይገብር። ሓደስቲ ባልዓት ኣብ ሓድሽ ቦታ ምስ ዝኣትዉ'ውን ቀልጢፎም የስፋሕፍሑ። ንምቁጽጻሮም'ውን ኣዝዮም ኣሸገርቲ እዮም። ባልዓት ኣብ ሓድሽ ቦታ ከይኣትዉ ምክልኻል ንምዕቃብ ዓሌታት/ ተወርሶ ናይ ሓደ ስርዓተ-ማሕድሮ (Ecosystem) ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። እዚ ዘይምጥቃም ጸረ ባልዕ ኣብ ከም ንህብን ካልኦት ጽገ ዘሰጋግሩ ዓይነት ሓሸራታት ጽልዋ የብሉን። ሓንቲ ብቑሊ ካብ ቀጻሊ መጥቃዕቲ ባልዕ ናጻ እንተ ኮይና ብመንጽሩ ድማ ኣብ ኣጠቓቕማ ጸረ ባልዕ ትሑት ይኸውን።

**ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ**

ጥዑይን ንጹህን ብቑሊ ኣብ ዕብየት ቁጠባ ኣገዳሲ'ዩ፣ ኣህጉራዊ፡ ሃገራውን ዞባውን ንግዲ ብቑልን ውጽኢት ብቑልን ድማ ኣብ ዕብየት ቁጠባ ሓንቲ ሃገር ዓቢ ግደ ኣሎዎ። ኣብ ቀረብ እኹልን ዘላቒን መግቢ፡ ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ፡ ምውጋድ ድኽነትን ወሳኒ ተራ ኣሎዎ። ነዝን ካልእን ንምውሓስ፡ እቶም ቀንዲ ማሕንቖታት ክሊማዊ ለውጢ፡ ዘይቅርዑይ ኣጠቐቕማ ባህርያዊ ጸጋታት፡ ወረርቲ/ ሓደስቲ ባልዓት (Invasive Pests)፡ ግጉይ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ጸረ-ባልዕ ክጥቀሱ ይኽእል።

ብደረጃ ኣፍሪቃ፡ ዓመታዊ ኣስታት 135 ሚሊዮን ዝኾኑ ሰባት ግዳይ መግቢ-ወለድ ሕማማት ይኾኑ፣ ካብዚኣቶም ኣስታት 180 ሽሕ ዝበጽሑ ድማ ይመቱ። ከም ውጽኢቱ ድማ ንመግቢ ወለድ ሕማም ንምፍዋስ ኣስታት 3.5 ቢልዮን ዶላር ድማ ዓመታዊ ወጻኢ ይግበር።

ስለዚ፡ ውሑስን ቀጻልን ቀረብ መግቢ ምስ ዝህሉ፡ ወዲ ሰብ ዘድልዮ መኣዛዊ መግቢ ክረክብ ስለ ዝኽእል፡ ኣብ ጥዕና ብቑሊ ዓቢ ስራሕ ምዕማም የድሊ።

በዚ'ዩ ድማ ናይ ሎሚ ዓመት ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቑሊ፡ "ኣገዳስነት ጥዕና ብቑሊ፡ ንውሁድ ጥዕና" ብዝብል ቴማ ንዕለት 12 ግንቦት ዝዝከር ዘሎ። ኣብ ሃገርና'ውን ነቲ "ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!" ዝብል መርሓ-ጎደና ዕዉት ንምግባር'ውን ይሕግዝ።

ክፍሎም ኣድሓኖም

ሓ/ኣ/ውሸባ ብቑሊ - ሚ/ሪ ሕርሻ

***



## ሕቶ ፍረ ጻዕሪ

**ሕቶ፦ ፍልልይ ኣብ መንጎ ባህርያውን ቀመማውን ድኹዒ እንታይ እዩ፧**

መልሲ፦ ብሓፈሻ ድኹዒ ክበሃል ከሎ ትሕዝቶ ሓመድ ኣብ ምምሕያሽ እንጥቀመሉ ባህርያዊ ጸጋ እዩ። ቀመማውን ባህርያዊ ድኹዒ ተባሂሎም ከኣ ኣብ ክልተ ይኽፈሉ።

ባህርያዊ ድኹዒ ዝብሃል ካብ ባህርያዊ ጥረ ነገር ዝምስራሕ ኩይኑ፡ ዘይ ከም ቀመማዊ ድኹዒ፡ ተኽሊ ዘድልዩዋ ማዕድናት ብምቕራብ፡ ኩሉ ባህርያት ሓመድ ህይወታዊ፡ ፊዚካውን ከሚካውን ብዘይ ምዝንባዕ ዘመሓይሽ ባህርያዊ ጸጋ እዩ። ባህርያዊ ድኹዒ ካብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ክርከብ ይከኣል፣ ኮምፖስት፡ ድኹዒ ጉንደራን ድኹዒ ገደና፡ ቀጠልያ ድኹዒ፡ ካብ ክሽነ ዝርከብ ጉሓፍ፡ ካብ ዝተሰባበሩ ኣኻውሕ ዝርከብ ድኹዒ፡ ካብ ጻህያይ ባሕርን ተረፍ መረፍ ዓሳታት ዝምስራሕ ፈሳሲ ድኹዕን ካልእን ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ቀመማዊ ድኹዒ ዝብሃል ድማ ኣብ ፋብሪካ ተዳልዩ ዝቐርብ ኩይኑ፣ ተኽሊ በቲ እትደልዮ ዓቐን ተዳልዩ ይቐርብ። ንኣብነት ጻዕዳ ድኹዒ (Urea) ናይትሮጅን ባእታ ጥራሕ ይውንን፣ ጸሊም ወይ ደባን ድኹዒ (DAP)፡ ፎስፖረስን ፖታሽዮምን ባእታታት፣ ካልኦት'ውን ከም በዓል ፖታሽዮም ሳልፈይት ወይ ኮሎራይድ ዝበሃሉ ናይ ፖታሽዮም ባእታ ትሕዝቶ ዘሎዎም ኣለዉ።

**ብልጫታት ባህርያዊ ድኹዒ ኣብ ልዕሊ ቀመማዊ ድኹዒ**

ባህርያዊ ድኹዒ፡ ንተኽሊ ኩሎም ዘድልዩዋ ዓይነት ማዕድናት ብዘገምታ ይቐርብ፣ ቅርጺ ሓመድ የመሓይሽ፣ ሓመድ ማይ ናይ ምሓዝ ብቕዓቱ የዕቢ፣ ኣብ ሓመድ ዝርከቡ ታህዋስያን ንኽራብሑ ምቹእነት ይፈጥር፣ ኩሉ መዳያዊ ባህርያት ሓመድ ይዕቅብን ካብ ብከላ ናጻ ይገብርን።

ቀመማዊ ድኹዒ ግና ንተኽሊ ቀንዲ ዘድልዩዋ ዓይነት ማዕድናት ጥራይ ይቐርብ፣ ኣብ ሓመድን ካልኦት ጠቐምቲ ታህዋስያንን ዝገብሮ ሓገዝ የብሉን። ብኣንጻሩ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ቅርጺ ሓመድ የበላሹን ደቀቕቲ ታህዋስያን የጉድልን። ኣብ ዝተወሰኑ ባእታታት፦ ክልተ ወይ ሰለስተ ጥራይ ድማ ሓገዝ ይገብር።

ደርማስ ሱልጣን

ክኢላ ምርምር ሓመድ

## መኣዛ ፍረ ጻዕሪ

### መረቕ ኣሕምልቲ፡ ኣእካልን ጥረታትን

**ዝተጠቐምናሎም ጥረ ነገራትን ዓቐንን**

- ብማይ ዝበሰለ ዕፉን - 200 ግራም
- ብማይ ዝበሰለ ኣዳጉራ - 200 ግራም
- 2 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ (150 ግራም) ሽጉርቲ
- 2 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ (200 ግራም) ካሮት
- ዝኩኒ - ርብዒ ኪሎ ግራም
- ስፒናች - ፍርቂ ኪሎ ግራም
- ዝተጣሕነ ስምስም - 100 ግራም
- ዘይቲ - 3 ማንካ ጣውላ
- ሽጉርቲ ጻዕዳ - 1 ማንካ ጣውላ
- ሰዔና ፕርሰሜሎ 1 ማንካ ጣውላ
- በርበረ ጸሊም - ፍርቂ ማንካ ጣውላ
- ጥሉል ጅንጅብል
- ማይ 1 ሊትሮ



ኣስመረት ዳምር

**ኣገባብ ኣሰራርሓ**



መጀመርታ፡ ሽጉርቲ፡ ካሮት፡ ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ፕርሰሜሎ ሓዋዊስና ብቑሩብ ማይ ነብስሎ። ቀጺልና፡ ዝበሰለ ዕፉን፡ ኣዳጉራ፡ ዝተጣሕነ ስምስም፡ ስፒናች ኣብ ልዕሊኡ ነእትዎ። ስፒናች ኣጸቢቑ ክይበሰለ፡ በርበረ ጸሊም፡ ዘይቲ፡ ጨው፡ ማይ ነእትወሉ። ብድሕር'ዚ ምስ ተወሃሃደ ንጥሕኖ። ቁሩብ ጸኒሕና ነውርዶ። ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዕሙቕ ዝበለ ሽሓኒ (መመገቢ ናይ መረቕ) ገልቢጥና ብውዕዩ ንሸዱሸተ ሰባት ንምገቦ።

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

# ሽባብ

ሃማመተኤ


## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# መቕጻዕቲ ገበናዊ ሕጊ



ኣማኻሪ፤ ሄለው ናብ ሃማመተኤ ምኽሪ ብተለፎን ደዊልካ ኣለኻ። መን ክብል?

ደዋሊ፤ የውሃንስ እብሃል።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ የውሃንስ ዕድሜኻን ካበይ ትድውል ከም ዘለኻን ክትሕብረኒዶ?

ደዋሊ፤ ዕድመይ 45 ዓመት፡ ካብ ኣስመራ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ እሞ ናብ ጉዳይካዶ ክንኣቱ?

ደዋሊ፤ ብዙሕ ግዜ ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ኣየድሕንን'ዩ ክብሃል እሰምዕ'የ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ሓቂ ድዩ? ሓቂ እንተ ኮይኑኸ እንታይ ማለት'ዩ?

ኣማኻሪ፤ ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ኣየድሕንን'ዩ ዝብል ኣበሃህላ ወይ ናይ ሕጊ ጭርሖ ሓቂ'ዩ። ኣብ ገበናዊ ሕግና'ውን ሰፊሩ ኣሎ። ትርጉሙ ከኣ፡ ሓደ ሕጊ ብዝምልከቶ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካል፡ ሕጋዊ ኣገባብን ደረጃን ተኸቲሉ ምስ ዝወጽእ፡ ናብ ህዝቢ'ዩ ዝዝርጋሕ። በዚ ከኣ ኵሉ ህዝቢ ከም ዝፈለጦ'ዩ ዝሕሰብ። ብተመሳሳሊ ከኣ ዝኾነ ሰብ ኣብ ሓደ ሃገር ወይ ሕብረተሰብ ሕጊ ክህሉ ከም ዝኽእል ክፈልጥ ግዴታ ኣለዎ። ዝኾነ ተግባር ክፍጽም ከሎ ከኣ፡ ምስ ናይ ሕጊ ክኢላታት ከይተማኸረ ክሰርሕ ከም ዘይብሉ ዘረድእ'ዩ።

ደዋሊ፤ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ፡ ዝተማህረን ዘይተማህረን፡ ዘንብብን ዘየንብብን ኣሎ። ብመንጽር ሚዛናውነት፡ እዚ መትከል ከመይ ትርእዮ?

ኣማኻሪ፤ ብቐልል ዝበለ ትርጉሙ ምስ እንኸይድ፡ ሕጊ ኣይፈልጥን ምባል ካብ ተሓታትነት ኣየድሕንን ዝብል መትከል፡ ዘይሚዛናዊ ኮይኑ ክርኣየና ይኽእል'ዩ። እንተኾነ፡ ሕጊ፡ ብሓደ ሕጊ ከነድፍን ክእውጅን ስልጣን ዝተዋህቦ ኣካል ዝሕገግ ኮይኑ፡ እዚ ሕጊ ዝነድፍ ኣካል ካብ ኵሎም ክፋላት ህዝቢ ዝተወከሉ ሰባት ወይ ትካላት ዝቖመ'ዩ። እዞም ህዝቢ ዝወከሎም ሰባት ከኣ ካብን ናብን ዘለኣኾም ህዝቢ ሓሳብን ውዱእ ሕግና ዘሰጋግሩ'ዮም ዝሕሰቡ። በዚ መንጽር ምስ እንምልከቶ፡ እቲ ሕጊ ካብን ናብን ህዝብን ብህዝብን ዝወጽእ ስለ ዝኾነ፡ ዘይፈልጦ ክፋል ሕብረተሰብ የለን ክብሃል ዝክኣል'ዩ። ኣብ ግዜ ምንዳፍ ሕጊ ብዕድመ ይኹን ካልእ ዘይነበረ ከኣ ንናይ ሕጊ ክኢላታት ተወኪሱ ዘተግብሮም ፍጻሜታት ሕጋውነቶም ኣረጋጊጹ ክነብር ኣለዎ ማለት'ዩ። ብተወሳኺ፡ እዚ መትከል እንተ ዘይሃልዩ ግና መዕቀቢ ጠሓስቲ ሕጊ ብምኳን፡ ገበነኛታት፡ ሕጊ ኣይንፈልጥን ኢና፡ ብምባል ካብ መቕጻዕቲ ክሃድምሉ ዝኽእልሉ ጐደና ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ደዋሊ፤ ንገበነኛታት ዝወሃብ መቕጻዕቲ ዝተፈላለዩ'ዮም ይብሃሉ፣ ገበናዊ መቕጻዕቲ ብዓይነት ክንዛረበሎም ይከኣል ድዩ? ዝክኣል እንተ ኮይኑ፡ እቶም ዓይነታት ክትገልጸለይ።

ኣማኻሪ፤ ንመቕጻዕቲ ዝምልከት ኣብ መጀመርታ ክፋል ናይ ገበናዊ ሕጊ ተጠቒሱ ዘሎ ኮይኑ፡ ዕላማ ገበናዊ ሕጊ ዝትግበረሉ መገዲ'ዩ። መቕጻዕቲ ከም ዓይነት ክንዛረበሉ እንተ ኳንና ግና፡ ማእሰርቲ፡ ናይ ገንዘብ፡ ወይ ናይ ግዱድ ዕዮ፡ ወይ'ውን ምሕራም ገለገለ መሰላት ከጠቓልል ይኽእል'ዩ። ገበናዊ ሕግና፡ ንማእሰርቲ፡ ፈኲስን ጽኑዕን ብምባል ኣብ ክልተ ክምድቦም ከሎ፡ ነቶም ብቤት ፍርዲ ገበነኛታት ኮይኖም ዝተረኸቡ ሰባት፡ ካብቲ ዝበደልዎ ሕብረተሰብ ነጺሉ፡ ኣብ ክህደሱሉን ክእረሙሉን ዝኽእልሉ፡ ነዚ ዕላማ ተባሂሉ ዝተዳለወ ቦታ ወይ ቤት ማእሰርትን ተሃድሶን ንዝተወሰነ ግዜ ከም ዝቕመጡ ዝግበረሉ'ዩ። ኣብዚ ቦታ ክቕመጡ ከለዉ፡ ብመጠኑ፡ ከከም ጕዳያቱ ዝተፈላለየ፡ ሕጋዊ መሰረታውያን መሰላት ይረኽቡ'ዮም። ካብ መደቀስን መግብን ጀሚሩ፡ ክሳዕ ናይ ትምህርትን ንቕሓትን ኣገልግሎት፡ ናይ እምነትን ኣምልኾን ኣገልግሎት ይረኽቡ'ዮም። እቲ ድሒሩ ዝመጽእ ናይ ግዱድ ዕዮ መቕጻዕቲ ከኣ ብቤት ፍርዲ ገበነኛታት ኮይኖም ዝተረኸቡ ሰባት፡ ብዘለዎም ሞያውን ጕልበታውን ዓቕሚ፡ ነቲ ዝበደልዎ ሕብረተሰብ ብነጻ ወይ ብዝተወሰነ ክፍሊት ጥራይ ንዝተወሰነ ግዜ ከም ዘገልግልዎ ክግበር ከሎ'ዩ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ምሕራም ገለ ገለ መሰላት ክብሃል ከሎ፡ ከከም ፍጻመ ገበን ዝፈላለ ኮይኑ፡ ብቤት ፍርዲ ገበነኛ ኮይኑ ዝተረኸበ ሰብ፡ ካብ ክረኽቦም ዝግብኦ መሰላት ክኽልከል ከሎ'ዩ። ንኣብነት፡ ወላዲ ካብ ናይ ውሉዳቱ ከም ናይ ምርኣይን ምዕባይን መሰል፡ ካብ ናይ ምድማጽን ምምራጽን ፖለቲካዊ መሰል ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ። እዚኦም ከኣ ብመሰረት ገበናዊ ሕግና ዕብይ ዕብይ ዝበሉ ዓይነታት መቕጻዕቲ'ዮም።

ደዋሊ፤ ንምኳኑ ፈኲስ ማእሰርቲ ክብሃል ከሎ እንታይ ማለት'ዩ? ካብ ጽኑዕ ማእሰርቲኸ እንታይ'ዩ ዝፈልዮ? ክልቲኦም መቕጻዕትታትከ ኣብ ከመይ ኵነታት'ዮም ዝወሃቡ?

ኣማኻሪ፤ ፈኲስ ማእሰርቲ ካብ 10 መዓልታት ክሳብ 3 ዓመታት ዝዝርጋሕ ኮይኑ፡ እቲ ዝተፈጸመ ገበን ንሕብረተሰብ ኣዝዩም ሓደገኛታት ንዘይኮኑ ገበነኛታትን፡ ከበድቲ ዘይኮኑ ገበናትን ዝብየን መቕጻዕቲ'ዩ። እዚ መቕጻዕቲ'ዚ ንድሕነት ሕብረተሰብን ገበነኛ ንምቕጻዕን ዝዓለመ ምኳኑ ሕግና የብርህ። ጽኑዕ ማእሰርቲ ግና ንሕብረተሰብ ኣዝዮም ሓደገኛታት ብዝኾኑ ገበነኛታት ንዝፍጸሙ ኣዝዮም ከበድቲ ገበናት ዝዝውተር መቕጻዕቲ'ዩ። ጽኑዕ ማእሰርቲ፡ ንገበነኛ ንምቕጻዕን ንምህዳሱን ጥራይ ዘይኮነ፡ ብመገዲ ጥቡቕ ቀይዲ ንሕብረተሰብ ካብ ስግኣት ነጻ ንምግባር ዝዓለመ'ውን እዩ። ጽኑዕ ማእሰርቲ ካብ 1 ዓመት ክሳብ 25 ዓመታት ይዝርጋሕ። እቲ ዝተጣሕሰ ዓንቀጽ ብንጹር ምስ ዘድንግጎ ግና ንሕልፈት'ውን ክኸውን ከም ዝኽእል ሕግና የብርህ። ጽኑዕ ማእሰርቲ ኣብ ንእኡ ከገልግል ተባሂሉ ዝተሃንጸ ማእከል ቤት ማእሰርትን ተሃድሶን'ዩ ዝፍጸም። ንጽኑዕ ማእሰርቲ ዘገልግል ቤት ማእሰርቲ ካብ ንፈኲስ ማእሰርቲ ዘገልግል ቤት ማእሰርቲ ብደረጃኡ ዝተሓተ ክኸውን ከም ዘግባእ'ውን ሕግና የተሓሳስብ።

ደዋሊ፤ ማእሰርቲ፡ ከም መቕጻዕቲ ውጽኢታዊ'ዩ ክብሃል ይክኣልዶ? ብኸመይ?

ኣማኻሪ፤ ማእሰርቲ ንዕማማት መቕጻዕቲ ብግቡእ ዘገልግል ዓይነት መቕጻዕቲ'ዩ። ገበነኛ መቕጻዕቱ ወዲኡ ካብ ማእሰርቲ ክሳብ ዝለቅቕ ሕብረተሰብ ካብ ስግኣት ነጻ ኮይኑ ይነብር።

ካብኡ ሓሊፉ ገበነኛ ኣብ ማእሰርቲ ክሳብ ዘሎ፡ ኣብ ልዕሊኡ ናይ ተሃድሶ መደባት ክትግበር ይከኣል። ብተወሳኺ ገበነኛ መቕጻዕቱ ወዲኡ ናብ ሕብረተሰብ ምስ ተጸንበረ' መቕጻዕቱ እናዘከረ ዳግም ገበን ክፍጽም ከም ዘይተባባዕ ይገብር። ብተመሳሳሊ እቲ ሕብረተሰብ ካብ ኣብ ልዕሊ'ቲ ገበነኛ ዝወረደ መቕጻዕቲ ተማሂሩ ገበን ንኸይፍጽም ይጥንቀቕ። ኣብ መወዳእታ ከኣ በቲ ገበነኛ ኣብ ልዕሊ'ቲ ሕብረተሰብ ዝወረደ ሃሰያ ብትካላዊ መልክዕ ሕነ ይፍደየ። ማእሰርቲ ንሕልፈት እንተ ድኣ ኮይኑ ግና ዕማማት ቀይዲ ንሓፈሻዊ ግትኣትን ሕነ ምፍዳይን ጥራይ'ዩ ዘገልግል። በዚ ከኣ፡ ማእሰርቲ ውጽኢታዊ ዓይነት መቕጻዕቲ ክብሃል ዝክኣል'ዩ።

ደዋሊ፤ ማእሰርቲ ክትግበረሉ ዘይክኣለሉ ግዜ ኣሎዶ? እንተ ሃልዩ፡ ኣብ ከምዚ ኵነታት እንታይ ይግበር?

ኣማኻሪ፤ ማእሰርቲ ክትግበረሉ ዘይክኣለሉ ኵነታት ክህሉ ይኽእል'ዩ። እዚ ግና ምስ ፈኲስ ማእሰርቲ ጥራይ ዝተኣሳሰር'ዩ። ብምኽንያት ምምሕዳራዊ ጸገም ወይ'ውን ብቐንዱ እቲ መቕጻዕቲ፡ ትግባረ ፈኲስ ማእሰርቲ ዘይከኣል ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ ወይ ከኣ ትግባረ ፈኲስ ማእሰርቲ ንተሃድሶ ገበነኛ ዘይምቹእ ምስ ዝኸውን፡ እሞ ከኣ ገበነኛ ዝጠሓሶ ዓንቀጽ ካብ ሰለስተ ወርሒ ብዘይሓልፍ ፈኲስ ማእሰርቲ ዘቕጽዕ ምስ ዝኸውን፡ ማእሰርቲ ናብ ግዱድ ዕዮ ክቕየር ይከኣል። ግዱድ ዕዮ ምድራት ምንቅስቓስ ወይ ከኣ ምቁጽጻር ከጠቓልል ይኽእል። ገበነኛ ንሕብረተሰብ ሓደገኛ ኣይኮነን ተባሂሉ እንተ ድኣ ተኣሚኑሉ፡ ናይ ምንቅስቓስ ሓርነቱ ከይተደረተ፡ ምቁጽጻር ስራሕ እናተገብረሉ፡ ኣብቲ ዝሰርሓሉ ዝነበረ መንግስታዊ ወይ ህዝባዊ ትካል እናሰርሐን ደሞዙ ካብ ሓደ ርብዒ ብዘይሓልፍ ተቘሪጹ ናብ ካዝና መንግስቲ ኣታዊ እናኾነን መቕጻዕቱ ይፍጽም። ገበነኛ ዳግም ገበን ንኸይፍጽም ካብ ገለ ገለ ቦታታት ወይ መካይድቲ ምእላዩ ኣገዳሲ ኮይኑ ምስ ዝርከብ ግና ኣብ ልዕሊ'ቲ ግዱድ ዕዮ ናይ ምንቅስቓስ ሓርነቱ'ውን ክድረት ይከኣል'ዩ።

ደዋሊ፤ ኣብ መቕጻዕቲ መካበድን መፋኾስን ዝብሃል ዘረባ ይሰማዕ'ዩ፡ እዚ ከመይ ማለት'ዩ?

ኣማኻሪ፤ ቤት ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ገበን ዝፈጸመ ሰብ፡ መቕጻዕቲ ክውስን ከሎ፡ ብመሰረት ሕጊ ገበናዊ ስርዓት፡ ንመቕጻዕቲ ዝምልከት ርእይቶ ናይ ከሳስን ተኸሳስን ኣብ ግምት ከእቱ ኣለዎ። ነቲ መቕጻዕቲ ንምክባድ ወይ ንምፍኳስ፡ ብተኸራኸርቲ ወገናት ዝቐርብ ርእይቶ ኣገዳሲ'ዩ። ንሱ ድማ፡ ኣብ ባህርያት ገበነኛ ዝተኩር ኮይኑ፡ ኣብ ዓናቕጽ ገበናዊ ሕጊ ከም መካበዲ ወይ መፋኾሲ ዝተጠቕሱ ነጥብታት ይሓቁፍ። እቲ መቕጻዕቲ ብቐንዱ፡ ኣብቲ ገበነኛ ዝጠሓሶ ዓንቀጽን ኣብ ኣፈጻጽማ ናይቲ ገበንን ዝምርኮስ'ኳ እንተኾነ፡ ናይ ገበነኛ ውልቃዊ ጠባዩን መነባብሮኡን ሕሉፍ ታሪኹን'ውን ኣብ ግምት ይኣቱ'ዩ። በዚ ከኣ፡ መካበዲ ክብሃል ከሎ፡ መቕጻዕቲ ካብቲ እታ ተጣሒሳ እትብሃል ዓንቀጽ ዘምበረቶ መጠን መቕጻዕቲ ምዝያድ ክኸውን ከሎ፡ መፋኾሲ ከኣ ካብቲ ዝተነበረ መቕጻዕቲ ምጕዳል ማለት'ዩ። ነዚ ክልተ ኣምራት ዘመሓድሩ ዓናቕጽ መካበድን መፋኾስን ከኣ ብንጹር ሰፊሮም ስለ ዘለዉ፡ ክሳዕ ክንደይ ይካበድን ይፋኾስን ብሕጊ ተነጺሩ'ዩ። ስለዚ፡ እቲ ቤት ፍርዲ ዝህቦ መቕጻዕቲ፡ በየናይ ዓናቕጽ ከም ዘቃለሎ ወይ ከም ዘካበዶ ብዝርዝር ክገልጽ ኣለዎ።

ደዋሊ፤ ቤት ፍርዲ ድኣ ድሕረ ባይታ ናይ ገበነኛ ብኸመይ ከረጋግጾ ይኽእል?

ኣማኻሪ፤ ጠባይ ተኸሳሲ ከመይ ምኳኑ ንምርኣይ፡ ኣኽባሪ ሕግና ተኸሳስን መሰኻኽር ወይ ካልእ መርትዖ ከቕርቡ ይኽእሉ'ዮም። ሓደ ወገን ዘቕርቦ ነጥቢ ነቲ ካልኣይ ተኸራኻሪ ወገን ብምሕታት ሓቅነቱ ምርግጋጽ'ውን ክፍተን ይከኣል። ብተወሳኺ፡ ናይ ተኸሳሲ ሕሉፍ መዝገብ ገበናት ክቐርብ ይኽእል'ዩ። ከምኡ'ውን ተኸሳሲ ሕሉፍ ገበን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ዝባኑ ዝተወንዘፈ ማእሰርቲ፡ ወይ ብኣመክሮ ዝተንጠልጠለ ማእሰርቲ'ውን ክህልዎ ይኽእል'ዩ። ስለዚ፡ ሕሉፍ ገበናትን ካልኦት መርትዖታትን ቅድሚ ፍርዲ ብጥንቃቐን ብቕልጡፍን ተጻርዩ መቕጻዕቲ ክወሃብ ኣለዎ።

ደዋሊ፤ ዝሃብካኒ ምኽሪ ብልቢ'የ ዘመስግና የቐንየለይ፣ ብሩኽ መዓልቲ።

ኣማኻሪ፤ ገንዘብካ፣ ንዓኻ'ውን ብሩኽ መዓልቲ።

Zara Mining Share Company

# Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Heavy Duty Mechanic** |
| **Number required** | **05** |
| **Location:** | Koka Gold Mine (Site) |
| **Reporting to:** | Maintenance Supervisor |
| **Primary Responsibility & Scope of Work** | To diagnose and complete repairs on all Mining heavy Mobile Equipment (Excavators, Haul trucks, Bulldozers, FR Wheel Loaders, Graders, Mobile truck Crane, Supportive Trucks (Fuel truck, Water truck, Lowbed Trailer trucks), Compacting Rollers, Forklifts etc.) |
| **Duties:** | • Inspect, test, and diagnose faulty operations and parts including electrical systems to identify issues or potential malfunctions<br>• Perform regular equipment safety, maintenance inspections of all systems (Lubrication and cooling fluid level and quality checkups, tires rotation for wheeled equipment, Under carriage inspections, Electrical systems etc.) and major and minor repairs including PM tasks as required<br>• Use Diagnose tools to test and repair malfunctioned systems (Engine, Hydraulic, Brake, Transmission, Ground engaged tools, electrical system and other components of HME)<br>• Disassemble and reassemble heavy equipment, components and installing new electrical parts and accessories<br>• Reading and interpreting technical manuals, diagnostic charts, electrical circuit diagrams and schematics to repair existing equipment defects<br>• Order necessary parts and tools for equipment repair and maintenance<br>• Work and communicate effectively with equipment operators to identify equipment faults, plan necessary repairs and provide estimated maintenance time<br>• Test repaired equipment to ensure proper operational performance<br>• Keep logs of work and report any issues to respective supervisors<br>• Keep accurate and detail records of serviced machines to maintain a history of repairs and parts used for each piece of equipment<br>• Comply with safety procedures to maintain a clean and safe work environment |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | • $12^{th}$ Grade Completion certificate<br>• Vocational Certificate in Heavy Duty Mechanic and/or Auto Electrician<br>• Must have valid driving license (Grade 3 and above) |
| **Working Experience – Nature & Length** | • Minimum 3 years work experience as a Heavy Equipment Mechanic and Auto electrician, Mine related experience an asset<br>• Knowledge of mechanical, electrical, and hydraulic systems of heavy mobile equipment<br>• Willingness to observe all safety precautions for protections against accidents, dangerous fluids, electric lines, chemicals etc. |
| **Leadership Experience - Nature & Length of time** | No leadership experience is required but candidate must be self-motivated. |
| **Other skills and abilities** | • Ability to work independently or as part of a team to complete repairs in a timely and efficient manner<br>• Able to meet all safety requirements and policies and apply accordingly in any working condition and place<br>• Knowledge of safety procedures to prevent accidents during repair and maintenance work<br>• Work overtime as required |

**Salary: according to the Company's salary scale.**

Place of work: Zara Mining Share Company
Koka Gold Mine
Zoba Gash Braka

**Additional Requirement for nationals**: Having fulfilled their National Service obligations, provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Having present the release paper or registration card issued by the reserve Army. Provide a Clearance paper from the office of the Eritrean Police and present a Medical Certificate from the Hospital.
Present clearance paper from the current/last employer.
Short-listed applicants are only considered as potential candidates for the interview.
Please mail your applications to the Zara Mining Share CO, P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea.
Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea.
The Company will not return Application documents to the sender.

**Deadline for application: 10 days from the day of advertised**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ኣብ ዞባ ደቡብ ንዑ ዓዲ ቐይሕ ከተማ ዓዲ ቐይሕ ምምሕ/ከ/ቢ. 02 ስፍሓት መሬት 250ት/ሜ 2ተ ቀንዲ ክፍልን 2ተ ተሓጋገዝቲ ክፍሊ ዝተደኮነ ቁ. ምስክር ወረቐት 500852 መወከሲ ቁ.500349 ብስም ወ/ሮ ጅምዓ ኢብራሂም ናስር ዝተመዝገበ ብሀያብ ዝረኸብክዎ፡ ናብ ስመይ ከሰግግሮ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኒዩሩ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ይቕረብ። እንተ ዘይቀረበ፡ ብዘለኒ ኦርጂናል ሰነዳተይ ጉዳየይ ክውድእ ምኳነይ እሕብር።

ዑመር እድሪስ ኣሕመድ

ኣነ ወ/ሮ ሂወት ክንፈ ጉብረናፋኤል ዝተበሃልኩ፡ ናይ ብዓል ቤተይ ነ/ሄር ኣስገዶም ዑቕባዜን ጉብረስላሴ፡ ብዕለት 27/12/2001 ብቁ/መዝገብ 5485/01 ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ ብዝተዋህበ ውሳኔ መሰረት፡ ኣብ ከተማ ዞባ ማእከል፡ ንኡስ ዞባ ጸጸራት፡ ከባቢ ዝጠን በዱ፡ ፕሎት 188፡ ፓርሰል E፡ ዚፕ ኮድ 1B3882. ጎደና 3882-6 ዓይነት ገዛ G+1. ብዝሓ ክፍልታት 7 ቀንዲ፡ 6 ሓገዝቲ ብመለለዪ ቁ/ንብረት ASD00019317 ብስም ብዓል ቤተይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ናብ ስምና ክለምሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ኣብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ/ፓፕሊክ ኖታርን ቤ/ጽ/ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ስም ምትሕልላፍ ክፍጸም ምኳነይ እሕብር።

ኣመልካቲት፡ ወ/ሮ ሂወት ክንፈ ጉብረናፋኤል

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ማኣዋ ቁ.ገዛ 3 ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00002005፡ ናይ መሸጣ ኣሕምልቲ ፍረታትን ትካለይ ንወ/ሮ ገኑት ከሰተ በርሀ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ኩዶ ፈላሲ ጎደና - ቁ.ገዛ ብዕለት 18-02/2025 ቁ.መዝ 04/2025 ብወሀብቶ ስለ ዝሃብኩዋ፡ ብስም ወዲት ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ተቐባሊ ወሀብቶ ክምዝመሓላለፍ ኣፍልጥ።

ኣመልካቲ፡ ግደይ ጉብረመድህን ዘወልዲ

ወ/ሮ የርዳኖስ ጉብረንገስ ወልደኪዳን፡ ዝተፈቕደለን ናይ ምጥሓንን ምዕሻግን ጨውን በርበረ ቀመማት ንግዳዊ ትካለን "ኣዱሊስ ምጥሓንን ምዕሻግን ጨውን በርበረን" ADULIS SALT AND PEPPER GRINDING & PACKING) ተባሂሉ ክሰየማለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቀድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይ ኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም ዝምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እፍቅሮ ወድና መንእሰይ ኣቤል የሴፍ ግርማጼን (ጋቱሶ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ሃገር ኣመሪካ ሪሳ ኣብ ምፍናው ዝተሓባበርኩምና፣ ኣብ ዓዲ ኣቤቶ ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና፣ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ወለዱ ኣቶ የሴፍ ግርማጼዮን፡ ወ/ሮ ፋና ሞኣዝዚ

ምስ ኣሕዋቱን ምሉኣት ስድራቤትን

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ብ/በ/መሰል ኣቶ ጎይትኦም ተወልደ ወልዳይ፡ ብ/በ/ዕዳ ዝኾንኩም ዳኒኤል ክፍሎም፡ ምኪኤል ክፍሎም፡ ኣሰማይት ክፍሎም፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልኩም ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ.32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ንምስቲኣዜብ ተስፋይ መሻሻ ምባል ተረፉ፡ ቅሳት ተስፋይ መሻሻ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ 1ይ ደረጃ ማይ ምነ

ተኽለወይኒ ተስፋስላሴ ወበዮ ምባል ተረፉ፡ ወይኒ ተስፋስላሴ ወበዮ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ዞባ ደቡብ ማይ ምነ ይቕረብ።

ኣቶ ኣስመሮም ወልደ ብሩኽ ጀምዕ (ወኪል)፣ ዝተፈቕደሎም ናይ ቤት ቁርሲ ንግዳዊ ትካሎም "ቤት ቁርሲ ኣሚር " (AMIR SNACK BAR) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለ ዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቀድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

ኣነ ኣቶ እስቲፋኖስ ተስፉ +7 ዝተበሃልኩ፡ ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ማይ-ተመናይ ከባቢ ብርሃን ዓይኒ ፕሎት 25 ፓርሰል R ዚፕኮድ A114 ጎደና ማርሳ ጉልቡብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብንብረት ቁጽሪ መዝገብ 1BRASM007395/0 ብስምና ተመዝጊቡ ዋንኑ፡ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ኦርጂናል ዋንኑት ሰነድ ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ ድማ ብዕዳ ሒዙዎ ኣለኹ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 0711 32 03 ክሕብረኒ፣ እንተዘይ ኮይኑ ድማ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ቅዳሕ ከውጽእ ምኳነይ እሕብር።

እስቲፋኖስ ተስፉ +7

## ክፍት ናይ ስራሕ ቦታ (Vacancy)

ሃገራዊ ፈድረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ እዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ክፍት ናይ ስራሕ ቦታታት ኣወዳዲሩ ክቖጽር ስለ ዝደለየ፣ እዚ ናይ ስራሕ መደብ የቕርብ።

1.መደብ ስራሕ ———— ሲንዮር ኣካውንታት (Senior Accountant)
፨ ደረጃ ትምህርቲ ——— ቢ.ኤ ዲግሪ ብኣተሓሕዛ ሕሳብ (Accountant) ካብ ላዕለዋይ ትምህርቲ ዝተመረቐ/ቐት
፨ ተመክሮ ስራሕ ———ብሞያ ሕሳብ ካብ 7 ክሳብ 10 ዓመት ተሞክሮ ስራሕ ዘለዎ/ዋ
፨ ፍሉይ ክእለት ———— ጽቡቕ ምልክት ኣጠቓቕማ ኮምፒዩተርን ፒችትሪን (peach-tree Accounting) ዘለዎ/ዋ፡ ከምኡ'ውን ናይ ሕሳብ መግለጺ (Financial Statement) ኩዱሉ

ክትርጉም ዝኽእል፡

፨ ደሞዝ ————— ብመሰረት ስኬል ኣከፋፍላ ደሞዝ ሃ/ፌ/ኩ/እ/ኤ
፨ ዕድመ ————— ትሕቲ 50 ዓመት

መደብ ስራሕ ———ኣካውንታንት (Accountant)
ደረጃ ትምህርቲ ———#ቢ.ኤ ዲግሪ ብኣተሓሕዛ ሕሳብ (Accounting) ኣብ ዝተፈልጠ ላዕለዋይ ትምህርቲ ዝተመረቐ/ት ልዕሊ 2 ዓመት ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ ተመኩሮ ዘለዎ/ዋ
———# ዲፕሎማ ብኣተሓሕዛ ሕሳብ (Accounting) ኣብ ዝተፈልጠ ላዕለዋይ ትምህርቲ ዝተመረቐ/ት ልዕሊ 5 ዓመት ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ ተመኩሮ ዘለዎ/ዋ
፨ ፍሉይ ክእለት ———— ጽቡቕ ምልክት ኣጠቓቕማ ኮምፒዩተርን ፒችትሪን (peach-tree Accounting) ዘለዎ/ዋ፡ ከምኡ'ውን ቋንቋ እንግሊዝ ምልክት ዘለዎ/ዋ፡
፨ ደሞዝ ————— ብመሰረት ስኬል ኣከፋፍላ ደሞዝ ሃ/ፌ/ኩ/እ/ኤ
፨ ዕድመ ————— ትሕቲ 50 ዓመት

መተሓሳሰቢ
1.እዚ ክፍት ናይ ስራሕ ቦታታት እተማልኡ ደለይቲ ስራሕ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክተመልከቱ ንሕብር።
2. ደለይቲ ስራሕ ሃገራዊ ግቡኦም ዘማልኡ ወይ ዘይምኩዩም ክኾኑ ኣለዎም።

ኣድራሻና
ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ
ጎ. ኣስመራ ስታድዩም ቁጽሪ ስልኪ ፡-163298 - ኣስመራ



ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላክ-ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

# Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Ass. Catering Supervisor** |
| **Number required** | **01** |
| **Location:** | Based at Koka Gold Mine (Site) |
| **Reporting to:** | Catering Supervisor |
| **Primary Responsibility & Scope of work** | • Run & instruct the kitchen when supervisor is on Roster/sick etc. all aspects.<br>• Be in full control of the staff, kitchen, store & mess Hall always.<br>• Manage all catering, 3X meal per day for the entire mine staff refeeding etc.<br>• Look after all safety & hygiene of all food, kitchens, store, staff etc. |
| **Essential function** | |
| **Duties:** | - Be able to give instruction to Staff and the Staff to listen and respond accordingly.<br>- Must be able to keep good Housekeeping and Order in the Stores and Fridges and Freezers.<br>- Must be able to work closely with the Stores Co Ordinator and follow instruction she gives.<br>- Be able to ensure all Fridges and Stores, Kitchen and Dining Hall are all kept clean, tidy and in order.<br>- Ensure there is Stock for FOH and BOH to carry out their jobs correctly and Efficiently this whilst working with the Stores Co Ordinator.<br>- HSE is carried out and managed on a Daily Basis.<br>- All Staff to be Managed and assisted with any problems or issues they may encounter at their place of Work.<br>- Be presentable and professional at all times.<br>- Understanding the Environment, you are overseeing to ensure it runs smoothly and efficiently.<br>- Ensure stock is drawn from stores, Freezer and Fridges so that it coincides with the daily Menu.<br>- Menu may be changed if there is an issue with the Stock, and must be addressed with the Chef on Duty, for an alternative to be made .<br>- Ensure all processes during Service flow properly i.e. : Enough K/F/S and Plates, Glasses and Cups are sufficient to allow Service flow.<br>- No hitches in the Scullery during Service.<br>- Ensure of a Safe environment for all Workers.<br>- Manage Rosters in case of Staff issues i.e. : Injury, Late Coming, Sick and No Shows for work. |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | - Must have a Grade Twelve and Above |
| **Working Experience – Nature & Length** | |
| **Leadership Experience - Nature & Length of time** | - Ability to work under extreme pressure.<br>- Organization skills<br>- Time management skills<br>- Attention to details |
| **Other skills and abilities** | - Must be able to Speak and Read English. |
| **Other Requirements** | - Physical strength.<br>- Liveliness.<br>- Mental alternes.<br>- Willingness to listen.<br>- Ability to follow a lead.<br>- Commitment to organization |

**Salary: according to Company's salary scale.**

**Place of work: Zara Mining Share Company**
**Koka Gold Mine**
**Zoba Gash Barka**

**Additional Requirement for nationals**: Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Provide a Clearance paper from office of the Eritrean Police, from the current/last employer and medical check-up report. only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Deadline for application: 05 days from the day announced in the Newspaper. Application documents will not be returned.



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ማርሰልን ደብዳበታትን

## ጽውጽዋይ

እዚ ዛንታ፡ ዛንታ ሓደ ፈረንሳዊ ኣንጭዋ እዩ። እዚ ኣንጭዋ፡ ኣብ መርመራ ገበን ዝነጥፍ ሰራሕተኛ ኮይኑ ኣብ ፓሪስ ድማ ይነብር። እንተኾነ፡ ምሉእ ዓመት ኣብ ፓሪስ ኣይኮነን ዘሕልፎ። ወርሒ ሕዳር ክኸውን ከሎ ዕረፍቲ ወሲዱ ንኽዛነ ናብ ሎንደን ናይ ምጋሽ ልምዲ ኣለዎ። ኣብ ሎንደን፡ ከኣ ሓደ 'ሄንሪ' ዝበሃል ኣብ ንእሽተይ መንበሪ ቤት ዝቕመጥ ዓርኪ ኣለዎ።



ማርሰል፡ ንሎንደን ኣዝዩ'ዩ ዝፈትዋ። እቲ ውቁብ ህንጻታታ ... እተን ዓበይትን ጸሊም ዝሕብረንን ታክሲታታ ... ከምኡ'ውን ቤት መዘክራታን ድኳናታን ገለ ካብቶም ንማርሰል ፍሉይ ጦብላሕታ ዝፈጥሩሉ ተዘክርቲ ነገራት ኣብ ሎንደን እዮም። ሽሕ እኳ ንፓሪስ ይፈትዋ እንተኾነ፡ ንሎንደን'ውን ኣዝዩ ዝፈትዋ እዩ።

እዛ ዛንታ እዚኣ እምበኣር ኣብ ሓንቲ ካብተን ማርሰል ከም ወትሩ ዝዛናየለን ወርሓት ሕዳር ዘጋጠመ ኮነት እያ እተዘንቱ።

እቲ ግዜ ሰሉስ ሰዓት ሰለስተ ናይ ምሸት እዩ። ማርሰል ከኣ ክልተ ከበድቲ ሰናጡ ተሰኪሙ፡ ካብቲ ብእንግሊዝ ብናይትብሪጅ ዝፍለጥ ባቡር ደው ዝብላሉ ናብ ናይ ዓርኩ ሄንሪ መንበሪ ቤት ይኸይድ ነበረ።

ሄንሪ፡ ኣብ ጉደና ኦልድ ዊልቶን ቁጽሪ 42 እዩ ዝነብር ዝነበረ። በቲ ጉደና እናሓለፈ ከኣ ነቶም 36 - 38 - 40 ... እናወሰኹ ዝኸዱ ዝነበሩ ቍጽርታት እናሓለወ ተጓዕዘ እሞ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣብቲ ዝደልዮ ማለት ቍጽሪ 42 በጽሐ። ኣብኡ ምስ በጽሐ ብፊደላት ናይ እንግሊዝ ዝተጻሕፈ ከምዚ ዝስዕብ ምልክት (Prof. J.T. Barton) ኣብ ኣፍደገ መንበሪ ቤት እንዳ ፕሮፌሰር ባርቶን ርኣየ።

ማርሰል፡ ድማ ነቲ ምልክት ርእዩ'ሞ፡ "እዚ ሓድሽ እዩ፡" በለ። ብድሕሪኡ ናብ ታሕቲ ናይ ሄንሪ ምድሪ ቤት ወረደ።

ማርሰል፡ ማዕጾ ድሕሪ ምኹሕኳሑ ሄንሪ ነቲ በሪ ኣርሓዎ እሞ፡ ገጹ ከኣ ከም ቀጸበት ብሓጐስ በርሀ።

"ማርሰል! እንቋዕ ብደሓን መጻኻ! እቶ እስከ!"

"ከመይ ትኸውን ሄንሪ ዓርከይ?"

"ከመይ ኣለኻ?" በሎ ሄንሪ ልዑል ምልክት ቋንቋ ብዘርኢ ኣገባብ።

"ኣነ ኣዝየ ጽቡቕ ኣለኹ። ንስኻ'ኸ ከመይ ኣለኻ?"

"ደሓን'የ ይመስገን፡"

"ጽቡቕ"

ሄንሪ፡ ነቲ ናይ ማርሰል ካባ ወሲዱ፡ "እሞ... ሻሂ ንስተ፡" በሎ።


እቶም ክልተ ኣዕሩኽ ኣብ ዓበይቲ መናብር ኣጣጢሖም ተቐመጡ። ሻሂ እናሰተዩ ከኣ ተዛተዩ።

ሰዓት ሓሙሽተ ምስ ኮነ ማርሰል፡ "ሓደ ሓድሽ ተቐማጢ ኣብ ቁጽሪ 42 ኣሎ። መን'ዩ ወደይ ባርቶን ድዩ በርናም?" ተጠራጢሩ ተዛረበ።

"ባርቶን፡" መለሰ ሄንሪ።

"ፕሮፌሰር ባርቶን ኣዝዩ ዓብን ኣብነታውን ሰብ እዩ። እዚ ጥራይ ኣይኮነን፡ ድሕሪ ጽባሕ ከኣ ኣዝዩ ህቡብ ሰብ ክኸውን እዩ፡"

"ህቡብ!" ማርሰል፡ ነቲ እንግሊዛዊ ዓርኩ ቀው ኢሉ ጠመቶ። "ብኸመይ ደኣ?"



"ኣዝዩ መሳጢ ዛንታ እዩ፡" በለ ሄንሪ።

"ገለ ደብዳበታት ኣለዎ። እቶም ደብዳበታት ኣብ ትሕቲ ምድሪ ቤት ናይ ሓንቲ ኣረጊት ሰበይቲ ገዛ ኣብ ውሽጢ ኦክስፎርድ እዩ ተሓቢኦም ተረኺቦም፡"

"እንታይ ትብል ወደይ ...?" በለ ማርሰል።

"እቶም ደብዳበታት ካብ ሸክስፒየር ናብ ወዱ ዝተጻሕፉ ደብዳበታት እዮም፡" ወሰኸ ሄንሪ።

"ሸክስፒየር!"

"እወ ናይ ሸክስፒየር፡" ሄንሪ ክምስ በለ። ቀጺሉ፡ "እታ ኣረጊት ሰበይቲ ንፕሮፌሰር ባርቶን ደወለትሉ'ሞ ንሱ ከኣ ናብኣ ከደ። ብዛዕባ እቲ ደብዳበታት ከኣ ተዘራረቡ። እታ ኣረጊት ሰበይቲ ከኣ ከምዚ በለቶ፡ 'ኣነ እዞም ደብዳበታት ነቲ ኣብ ብሪጣንያ ዝርከብ ቤት-መዘከር ክወሃብ እደሊ ኣለኹ። ክተረክቦም'ዶ ንዓኻ ክህበካ፡'"

"እሞ'ኸ! ሕራይ ኢልዋ ማለት ድዩ?"

"እወ፡"

"እሞ ሕጂ እቶም ደብዳበታት ኣበይ ኣለዉ?"

ይቕጽል...

## መልሲ እተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | መ | ም | ህ | ር | | ዕ |
| | | | በ | | | ስ |
| | ሰ | በ | ይ | ቲ | | ራ |
| ጋ | ማ | | | | | ሰ |
| | ን | ሕ | ና | | ሰ | ነ |
| ኣ | ያ | | ተ | ኹ | ላ | |
| ቶ | | | ይ | | ም | ስ |

ኣብዚኣ ቁረጽዋ

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ብፍላይ ዓምዲ 'ተርሙማ'፡ 'ውድድር ተርሙማ' መበል ዓሰርተ ክልተ ግዜ ኣካይድና ምንባርና ይዝከር። ሎሚ ድማ መበል ዓሰርተ ሰለስተ ውድድር ኣዳሊና ኣለና። ኩሉ ተመሃራይ ክሳተፍ ንዕድም። <u>ዕስራ</u> ዕዉታት ተመሃሮ ክሸለሙ ምኻኖም ንሕብር። መልሲ ኣብ ጋዜጣ እንተዘይኮይኑ ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ምስዳድ ኣይፍቀድን። ስለዚ፡ ኣብዛ ሕቶታት ሒዛ ዘላ ጋዜጣ መልሲ ብምጽሓፍ ነዛ ጋዜጣ ክትሰዱልና ንሕብር። ድምሳስ ዘበዝሖ ቅቡል ኣይከውንን። መልሲ ብጸስታ ይስደድ። ኣድራሻ፡ ቍ.ሳ.ጸ 4336 ኣስመራ ኤርትራ እዩ። መልሲ ክሳብ ዕለት 24-05-2025 ክበጽሕ ኣለዎ። ሰናይ ውድድር!

ውድድር 14 ተርሙማ

ስም፡ __________

ቤት ትምህርቲ፡ __________ ክፍሊ፡ __________

ኣድራሻ፡ __________ ዞባ፡ __________

ሞባይል፡ __________ ወይ __________

### ሀ. ሕቶታት ግንቦት


1. መበል 5ይ ዓመት መዓልቲ ናጽነት ዝነበረ ቴማ እንታይ ይብል?
   መልሲ፡ __________
2. መበል 10ይ ዓመት መዓልቲ ናጽነት ዝነበረ ቴማ እንታይ ይብል?
   መልሲ፡ __________
3. መበል 15 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ዝነበረ ቴማ እንታይ ይብል?
   መልሲ፡ __________
4. መበል 20 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ዝነበረ ቴማ እንታይ ይብል?
   መልሲ፡ __________
5. መበል 25 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ዝነበረ ቴማ እንታይ ይብል?
   መልሲ፡ __________

### ለ. ሕቶታት ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ

1. ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ካብ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ስርዓት ኢትዮጵያ መጀመርታ ዝተማረኸ መን ይበሃል? ማዕርጉ'ኸ?
   መልሲ፡ __________
2. ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ተማሪኾም ብ1975 ናጻ ዝተለቁ ቀዳሞት ምሩኻት መተሃደራት ኢትዮጵያ ክንደይ ነይሮም? መን መን ይበሃሉ?
   መልሲ፡ __________
3. 5ይ ወራር ካብ መዓስ ክሳዕ መዓስ ተኻይዱ?
   መልሲ፡ __________
4. ኣብ ክሳድ ዓዲ ሽሩም 19 መጋቢት 1988 ዝተቓጸለት ታንኪ ዝሃረመ መን ይበሃል?
   መልሲ፡__________
5. ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣበይ ተሰዊኡ?
   መልሲ፡ __________

### ሐ. ግድል

ነታ ብ "?" ተወኪላ ዘላ ቍጽሪ ርኸብዋ። ተበላሓቱ! ሰናይ ስራሕ!




መልሲ፡__________

### መ. ሓፈሻዊ ሕቶታት

1. ዋንጫ ኣፍሪቃ መዓስን ካበይን ብተለቪዥን ክመሓላለፍ ጀሚሩ?
   መልሲ፡ __________
2. ክንገዝኣ ከለና ጸላም፡ ምስ እንጥቀመላ ቀያሕ፡ ክንድርብያ ጻዕዳ እትኸውን መን እያ?
   መልሲ፡ __________
3. ኣብ ኤርትራ ቀዳመይቲ ቤት ማሕተም መን እያ?
   መልሲ፡ __________
4. ፈረስ ናይ ራእሲ ወልደሚካኤል ሰሎሞን መን ይበሃል ነይሩ?
   መልሲ፡ __________
5. ኣብ ግዜ ምምሕዳር እንግሊዝ ቀዳማይ ኣመሓዳሪ ኤርትራ መን ነይሩ?
   መልሲ፡ __________

ደቂ-ኣንስትዮ

ሃማደኤ

# ሕጊ መናበሪ ዓዲ

ማርያም ዮሴፍ

ሕጊ፡ ደቂ ሰብ ስልጡን ባህሊ ቀሲሞም ኣብ ነንሕድሕዶም እናተሓጋገዙን እናተኸባበሩን ብሰነ ስርዓት ተቐይዶም፡ ብሰላም ንኽነብሩ ዝሕግዘ ብመንግስቲ ዝጸወቕ ስርዓት እዩ። ሕጊ፡ ማዕርነት ደቂ ሰብ ዘረጋግጽ፡ ፍትሕን ሓቅን ከም ዝነግስ ዝገብር፡ ሰላምን ምርግጋእን ንምስፋን ዘገልግል መሳርሒ እዩ። ንፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን መዳያት ሓደ ሕብረተሰብ ድማ የማእዝን።

ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ መትከል ማዕርነት ዜጋታት ዝተመርኮሰ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝጸንሐ ጭቆና ዝጸሙ ምኽባር መሰል ደቂ ኣንስትዮ ማለት፡ ምርግጋጽ ስልጡን ባህሊ ሓደ ሕብረተሰብ ምዃኑ ዝኣምን ስርዓተ ሕጊ ኣሎና። ኣብ ኤርትራ ቀዳማይ ናጽነት ዘገልግል ዝነበረ መግዛእታዊ ሕግታት ብዙሕ ኣብራት ስለ ዝነበሮ፡ ምዕሩይነቱ ንምርግጋጽን ኣብ መትከል ማሕበራዊ ፍትሒ ዝተመርኮሰ ንምምሕዳሩን ብናይ 1991 ኣዋጅ ዳግማይ ከም እተኸለሰ ይፍለጥ። ኣብ ቀዳሞት ዓንቀጻቱ ድማ፡ ኩሉ ባህርያዊ ሰብ ተወሊዱ ክሳብ ዝመውት ብዓል ማሰላትን ግቡኣትን'ዩ ብምባል ይጅምር። ንሎሚ ንገለ ካብቲ ብዙሕ፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝለዓል ሕጊ ጠቀስ ጉዳያት ክንልዕል ኢና።



## መርዓ

ኣብ ሕብረተሰብና መርዓ ብሓደ ካብ'ዞም ሰለስተ ሕጋውያን መገድታት ክፍጸም ይከኣል። ባህላዊ፡ ሃይማኖታዊ ወይ ድማ ሲቪላዊ ኣገባብ። ባህላዊ፡ ብሕግታት እንዳ ወይ እቲ ከባቢ ዝተደለ ባህላዊ ሕግታት ክኸውን ከሎ፡ ሃይማኖታዊ ድማ ብመሰረት ሕግታት መርዓ ናይቲ እንኽተሎ ሃይማኖት ዝተደ እዩ። ኣብ ዝኾነ ካብዚ ዝተገልጹ ሰለስተ ኣገባብ መርዓ ክማልእ ዘለዎ ቀንዲ ረቛሒታት ግን ኣለዉ። ቀዳማይ፡ ዕድመ ተጻመድቲ ልዕሊ 18 ዓመት ክኸውን ይግባእ። ካልኣይ፡ ካብ ቅድሚ ሕጂ ዝተማሰረተ ውዕል መርዓ ናጻ ክኸውን ኣለዎ። ሳልሳይ ድማ፡ መርዓ ብስምምዕ ተጻመድቲ እምበር ብጸቕጢ ዝኾነ ኣካል ክኸውን የብሉን። ዝኾነ መርዓ ነዞም ዝተጠቕሱ ነጥብታት ምስ ዘጓድል፡ ሕጊ ተግባራውነቱ ናይ ምፍራስ መሰል ኣለዎ። እቶም ኣንጻር እዚ ሕጊ'ዚ መርዓ ዝፈጸሙ ወገናት ድማ ተሓታትነት የስዕበሎም። መርዓ ኣብ መንጎ ተጻመድቲ ወገናት ክልተ፡ ማለት፡ ውልቃውን ንዋታውን ዝምድና እዩ ዘፍጥር። ውልቃዊ ዝምድና፡ እቲ ኣብ መንጎ መጻምድቲ ዝፍጠር ንኽትፋቐሩ ክትተሓላለዩ ክትወልዱ ብሓንሳብ ክትነብሩን ስድራቤት ክትመሓደሩን ዘኽእል ዝምድና እዩ። ንዋታዊ ወይ ገንዘባዊ ዝምድና ድማ፡ ኣብ መንጎ መጻምድቲ ብውዕል መርዓ ይድንገግ። ብሕጊ ማሰረት ድማ፡ ክልቲኣም ተጻምድቲ ኣካላት ቅድሚ መርዓ ዘጥረይዎ 'ናይ ውልቆም'፡ ድሕሪ መርዓ ዘጥረይዎ ድማ 'ናይ ሓባር' ንብረት ብምባል የሰፍር። ብውርሻ ወይ ብህያብ ዝወሃብ ንብረት ግን ኩሉ ግዜ ውልቃዊ ዋንነት ይህልዎ። ንምምሕዳር ንብረት ብዘምልከት ድማ፡ ተጻመድቲ ኣካላት ናይ ሓባር ንብረቶም ብሓባር የመሓድሩ፤ ኣብ ምንቅስቓሱ ድማ ናይ ክልቲኣም ተጻመድቲ ኣካላት ፍቓድ የድሊ።

## ፍትሕ

መርዓ ብሓደ ካብ'ዞም ሰለስተ መንገድታት ክፈርስ ይኽእል። ብውሳነ ቤት ፍርዲ፡ ብሞት ናይ ሓደ ካብ ተጻመድቲ ኣካል፡ ከምኡ ድማ ብፍትሕ እዩ። ፍትሕ ብድሌት ተጻመድቲ ኣካላት ጥራይ ክፍጸም ኣይክእልን፣ ናይ ገዛእ ርእሱ መስርሕ ኣለዎ። ናይ ፍትሕ ክሲ ናብ ሽማግለታት ወይ ናብ ቤት ፍርዲ ይምራሕ፣ ጠንቁ ድማ ይምርመር። እቲ ምኽንያት፡ ሓደ ካብ'ቶም ሕጊ ዘለልዮም ጠንቅታት ምስ ዘኸውን፡ ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ውሳነ ይወሃብ። ኣብ ካልእ ኩነታት ግን፡ ዘመድ ሽማግለ ቅድሚ ናይ ፍትሕ ውሳነ ምሃቦም፡ ኑቶም ተጻመድቲ ኣካላት ክዐርቁ ክፍትኑ ሓላፍነት ኣለዎም። እዚ ድማ ሕጋዊ ገደብ ግዜ የብሉን። ውሳነ ግዜ ምስ ዘወሰድ ግን ተጻመድቲ ኣካላት ግዝያዊ ውሳነ ክወሃቦም ኩሉ ይኽእሉ። ጠንቂ ፍትሕ ሓደ ካብ'ቶም ሕጊ ዘለልዮም ዓበይቲ ምኽንያታት ማለት፡ ዝሙት፡ ካብ መንበሪ ገዛ ንልዕሊ ክልተ ዓመት ምውጻእ፡ ምጥፋእ፡ ናይ ሕክምና ወይ ናይ ኣእምሮ ጸገማት፡ ወዘተ. ምስ ዝኸውን፡ እቲ ፍትሕ ዝሓተተ ዘሎ ኣካል ዝኾነ መቕጻዕቲ ኣይወርዶን። እቲ ጠንቂ ፍትሕ ካብ'ዞም ዓበይቲ ምኽንያታት ወጻኢ ምስ ዝኸውን ግን፡ ፍትሕ ዝሓተተ ዘሎ ኣካል ከም መቕጻዕቲ ሓደ ርብዒ ካብ ናይ ሓባር ንብረት ጥራይ ይምቀሎ። እቲ ጠንቂ ፍትሕ ዝሙት ወይ ካብ መንበሪ ቦታ ንልዕሊ ክልተ ዓመት ምውጻእ ምስ ዝኸውን ድማ፡ እቲ ዝ ብደል ዝፈጸመ ኣካል ከም መቕጻዕቲ ሓደ ርብዒ ካብ ናይ ሓባር ንብረት ጥራይ ይምቀል።

ድሕሪ ፍትሕ ካብ ዝለዓሉ ጉዳያት ሓደ፡ ኩነታት ውሉዳት ወይ ሞግዚትነት እዩ። ሞግዚትነት፡ ንሓደ ትሕቲ ዕድመ ቆልዓ ክትውክል ዝወሃቦ ሕጋዊ መሰልን ግዴታን እዩ። ብመሰረት ሕግና ድማ፡ ዝኽልክል ከቢድ ምኽንያታት ክሳብ ዘይሃለወ፡ እቲ ቆልዓ ክሳብ ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ዝኸውን ምስ ኣዲኡ ክኸውን ይምረጽ። እዚ ንረብሓታት እቲ ህጻን ኣብ ግምት ብምእታው ጥራይ ይውሰን። እታ ኣደ ምስ ዘይትህሉ ወይ ሓላፍነት ክትወስድ ምስ ዘይትኽእል ግን ካልእ ሰብ ክኸውን ይኽእል።

## ምጥርናፍ

ምጥርናፍ፡ ክልተ ሰባት (ጓል ኣንስተይትን ወዲ ተባዕታይን) ብዘይ ዝኾነ ይኹን ውዕል መርዓ ተጠርኒፎም፡ ከም ሰብኣይን ሰበይትን ክነብሩ ከለዉ እዩ። እዚ ድማ፡ ዝኾነ ሕጊ ዘለልዮ መሰል ኣይህበምን እዩ። እዚ፡ ሓደ ካብቲ ኣከራኻሪ ኮይኑ ዝቐርብ ጉዳያት እዩ። ብዘይ ውዕል መርዓ ብሓባር ንነጸንሑ ሰባት፡ ድሒሩ ኣብ ዝፍጠር ናይ ንብረት ክርክር ዝኾነ ሕጋዊ ባይታ ስለ ዘይጸንሖም ሃሳዪ ይኸውን። ሓዳር፡ ዋላ እኳ ብእምነት ዝምስረት እንተኾነ፡ እምነት በይኑ ብዘይ ሕጋዊ መስርሓት ግን ኑቲ ድሒሩ ክፍጠር ዝኽእል ናይ ምፍልላይ እንተታት ውሕስነት ኣይህብን። ስለዚ፡ ሕጋዊ ውዕል መርዓ ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ክፋል ሕግታትና ይኹብር።

## ኣዶት

ኣዶት ናይ ሓደ ቆልዓ፡ ኣብ ሓዳር ብዝነበረት ብዓልቲ ቤታ ዝተወልደ (ኣብ ናይ ጥንሲ ግዜ 180-300 መዓልታት) ምስ ዝኸውን፡ እቲ ሰብኣይ ከም ኣቦ ይወሰድ። ጥንሲ ካብ መርዓ ወጻኢ ምስ ዝኸውን ማለት፡ ብዓመጽ ወይ ብምዝራፍ ኣጋጢሙ እንተ ነይሩ፡ እቲ ዓማጺ ወይ ዘራፊ ኣቦት ይውሃብ። ካልኣይ፡ ሓደ ወዲ ተባዕታይ ባዕሉ ኣቦ ምዃኑ ምስ ዝኣምነ'ውን ኣቦት ይውሃብ። እቲ ሳልሳይ ድማ፡ እታ ኣደ ኣቦ ዝበሎቶ፡ እሞ ከኣ እቲ ወዲ ተባዕታይ ምስታ ጓል ኣንስተይቲ ኣብቲ ግዜ ጥንሲ ጾታዊ ርክብ ክገብር ይኽእል ነይሩ ኢሉ "ክእምነት ዝኽእል መርትዖ" ምስ ዘቕርብ፡ ኣቦት ከም ዝወሃቦ ይገበር።

## ዓመጽ

ዓመጽ ማለት፡ ሓደ ወዲ ተባዕታይ ንሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ካብ መርዓ ወጻኢ፡ ብሓይሊ ወይ ከቢድ ጸቕጢ ብምፍጣር ጾታዊ ርክብ ምስ ዝፍጽም እዩ። ዓመጽ ኣብ ሕብረተሰብና ከም ሓደ ጸየፍን ኣዋሪን ዝርአ ባህርያት እዩ። በቲ ክብርታት ናይቲ ሕብረተሰብ ዝጸየን ተግባር ስለ ዝኾነ ድማ፡ ከም ተርእዮ ኼኑ ዝርአ በደል ኣይኮነን። ኣብ ዚጋጥመሉ እዋን ግን፡ ንቑሓት ሕብረተሰብ ክብርኽ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ፡ ዝ ዝከላኸል ጸንዑ ሕጊ ስለ ዘለና። ስለዚ፡ ክሕብአ ኮነ ክስተር ዘይኮነ፡ ኣብ ግዜኡ ግቡእ ሕጋዊ ተሓታትነት ክህልዎ ናብ ሕጊ ክቐርብ ኣለዎ። ዓመጽ፡ ክሳብ 10 ዓመት ማእሰርቲ ዘቕጽዕ ገበን እዩ። እቲ ገበን ንጓል ትሕቲ 15 ዓመት ዝወረደ ወይ'ውን እቲ ዓመጽ ብብዙሓት ሰባት ዝተፈጸመ ምስ ዝኸውን፡ እቲ መቕጻዕቲ ክሳብ 15 ዓመት ከቢድ ማእሰርቲ ክኸውን ይኽእል። ብዘወሳኺ፡ ዝኾነ ሰብ ምስ ትሕቲ ዕድመ (15-18 ዕድመ) ጾታዊ ርክብ ወይ ንጾታዊ ርክብ ዝመሳሰል ተግባር ምስ ዝፍጽም፡ ብሕጊ ተሓታትነት ኣለዎ። እዚ ዓንቀጽ ብርክት ዝበለ ዝርዝራት ዘለዎ ሰብኣዊ መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ዝከላኸል ኣገዳሲ ክፋል ሕግታትና እዩ።

## ምንጻል ጥንሲ

ኣብ ዝኾነ ይኹን ደረጃ፡ ምንጻል ጥንሲ ብገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ክልኩል እዩ። ዝኾነት ጥንሳ ዝጸለት ጓል ኣንስተይቲ ወይ ዝኾነ ካልእ ጥንሲ ንኽትሰድድ ዝደፋፍአን ዝሓገዘን ኣካል ገበናዊ ተሓታትነት ኣለዎ። ምንጻል ጥንሲ ብኣፍልጦ ሕጊ ጥራይ ዝፍቀደሉ ፍሉይ ኣጋጣሚታት ግን ኣሎ። ቀዳማይ፡ እቲ ጥንሲ ነታ ጓል ኣንስተይቲ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገማት ዘስዕብ ምስ ዝኸውን፡ ብኣፍልጦ ክኢላታት ጥዕና ከም ዝንጸል ክግበር ይከኣል። ካልኣይ፡ እቲ ጥንሲ ወጽኢት ዓመጽ ምስ ዝኸውን፡ ሕጋዊ መስርሓት ተኸቲሉ ኣብ ትሕቲ ግቡእ ሕክምናዊ ክትትል ጥራይ ከም ዝእለ ይግበር። ሳልሳይ ድማ፡ እቲ ጥንሲ ካብ ናይ ቀረባ ዘመድ ማለት ኣቦ፡ ሓው፡ ወዘተ. ምስ ዝኸውን፡ እዚ'ውን ሕጋዊ መስርሓት ብምኽታል ክእለ ይፍቀድ።

## ሕጊ ዕዮ

ኣብ ሃገርና እንምርሓሉ ሕጊ ዕዮ፡ ኣዋጅ 118/2001፡ ማዕረ ናይ ስራሕ ዕድል ንኹሉ ዜጋ፡ ንተመሳሳሊ ስራሕ ድማ ማዕረ ክፍሊት ይብል። እዚ ኣብ ብዙሓት ምዕቡላት ሃገራት ከይተረፈ፡ ገና ዘይተፈጸሐን ኣከራኻሪን ጉዳይ እዩ። ዝኾነ ኣስራሒ ኣብ ዓሌት፡ ጾታ፡ ሕብሪ፡ ዜግነት፡ ብሄር፡ ቋንቋ፡ ሃይማኖት፡ ኩነታት መርዓ፡ ጥንሲ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ኩነታት ምርኩስ ብምግባር ስራሕ ክቖጽር ብሕጊ የሕትት። ንፍሉይ ጾር ዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ናይ ምሸት እብረ ስራሕ፡ ልዕሊ ግቡእ ሰዓት ስራሕ፡ ከምኡ'ውን ንዓኣን ንዕሸላን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ስራሕ ንኸይትሰርሕ ይከላኸለላ። 60 መዓልቲ ናይ ሕርስን ጥንስን ክፍሊት ዘለዎ ዕረፍቲ ድማ የፍቅድ።

## ፖለቲካዊ ሱታፌ

ሓደ ካብ ኣገዳሲ ክፋል ሕግታትና፡ ኣዋጅ 86/1996 እዩ። ምስታፍ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኣገዳሲ ፖለቲካዊ ጽፍሒታት መንግስቲ ንኸረጋግጽ፡ ሓደ ካብ ዕላማታት ናይ መንግስቲ ኤርትራ እዩ። ቅድሚ ናጽነት፡ ደቂ ኣሰንትዮ ኣብ ባይቶ ክመርጻ ኮነ ክምረጻ ዘፍቅድ ሕጊ ኣይነበረን። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ባይቶ ክመርጹ ዘይፍቀደሎም ሰለስተ ኣካላት ማለት፡ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ፡ ናይ ስነ ኣእምሮ ጸገም ዘለዎም፡ ከምኡ'ውን ደቂ ኣንስትዮ ተባሂሉ ይቐርብ ምንባሩ ይፍለጥ። ኣብዚ እዋን ግን ኣብ ዞባውን ሃገራውን ምርጫታት 30% ካብ ዘሎ ቦታ፡ ንደቂ ኣንስትዮ ዝተሓዝአ እዩ፣ ኣብ ዝተረፈ 70% ድማ ከም ሰበን ክወዳደራ የፍቅድ።

## መሰል መሬት

ኣዋጅ 58/1994፡ "ዝኾነ ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሐ ሰብ፡ ብመሰረት ሲቪላዊ ሕጊ ከም እኹል ሰብ ዝቖጸር ኤርትራዊ ዜጋ እዚ ኣዋጅ'ዚ ብዘፍቅዶ መሰረት፡ መሬት ናይ ምጥቃም መሰሉ ሕሉው እዩ፡ ኣብ ኣተገባብራ ድማ፡ ማዕርነታዊ ኣተዓዳድላ መሬት ኣብ መንጎ እቶም ሕጊ ዘፍቅደሎም ሰብ መሰል ዝኾነ ናይ ዓሌት፡ ጾታ፡ ወይ ሃይማኖት ፍልልይ ኣይሀሉን፡" ብምባል ኩሉ ዜጋ ብዘይ ኣፈላላይ ማዕረ ናይ ተጠቃምነት መሰል ከም ዘለዎ ብንጹር ይድንግግ።

## መሰል ዜግነት

ኣብ ኤርትራ ብመሰረት ኣዋጅ 21/1992፡ ሓደ ካብ ኤርትራዊት ኣደ ይኹን ኣቦ ዝተወልደ ቆልዓ ኤርትራዊ ዜግነት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ። እዚ ኣብ ገለ ሃገራት ዘውቱር ዘይኮነ ዜግነት ብናይ ኣቦ ትውልዲ ጥራይ ዝሁብ ሕጊ ኣሎ።

ኣብ ሃገርና እምበኣር፡ እዘን ካልእ ብርክት ዝበለን ንመሰላት ደቂ ኣንስትዮ ዝጣበቓን ዝከላኸልን ሕጋዊ ባይታ ኣሎ። ኣብ ሕጋዊ መዳይ እኹል ኣፍልጦ ክህልወና፡ ከም ወጽኢቱ ድማ ኣብ ሕግታት ሃገርና ንዝሰፈሩ ዝተፈላለዩ ደቂ ኣንስትዮ ጠቀስ ዓንቀጻት፡ ክንፈልጦምን ክንኽቶሎምን ኣገዳሲ እዩ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09፡00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09፡05 | ኤሮቢክስ |
| 09፡40 | ሃሎ ቈልዑ |
| 10፡15 | ፓኖራማ |
| 11፡00 | ለሰ ስፖርት |
| 12፡30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12፡55 | ምኽሪ ሞያዉያን |
| 13፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13፡45 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14፡20 | ናትራን |
| 16፡30 | መኣዝን ልምዓት |
| 17፡05 | ሳይዳ |
| 18፡00 | ደረት ቃና |
| 20፡00 | ዜና(ትግረ) |
| 20፡13 | ፊልም ዳምር E7 |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡25 | ተክ-ኢንሳይት |
| 22፡00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22፡10 | ሌላ |
| 22፡30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ሻምፕዮን ክለባት ኵዕሶ እግሪ ይቕጽል

### ደንደን መሪሕነት ዓቂባ፣ ጋሽ ባርካ ነጥቢ ተማቒላ

ሻምፕዮን ክለባት ኵዕሶ እግሪ ብሓሙስ 8 ግንቦት፡ ኣብ ሜዳ ካምፖ ቺቸሮ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ፈለማ እታ ሳልሳይ ደረጃ ኣውሒሳ ዘላ ቀይሕ ባሕሪን ኣልሂላልን እየን ናብ ሜዳ ወሪደን።

ኣልሂላል ካብ ፈለማ ጸወታ ኣትሒዙ፡ ማሰመር ምክልኻል ኣይልዲላ ብምዕጻው እያ ክትጻወት ተሪኢያ። ቀይሕ ባሕሪ ንመጥቃዕቲ ኣብ ዝተበገሰትሉ ግን ናብ ልዳት መጋጥምታ ክትጽጋዕ ግዜ ኣይወሰደትን። ብዙሕ ፈተነታት ድማ ኣውሓዘት። ተጻወትቲ ኣልሂላል፡ ከም መልሲ መጥቃዕቲ ናብ ልዳት ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዝተጸገዉሉ፡ ብሓላዊ ልዳት ዓወት መሓረና ንዝተፈጥረ ጌጋ ተጠቒሞም፡ ብመንገዲ የናስ ሃይለ ኣብ መበል 43 ደቒቕ ሸቶ ኣመዝገቡ። 1-0 ወጽኢት ድማ ናብ ዕረፍቲ ኣምርሑ። ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ መበል 46 ደቒቕ ካብ ቤንሁር ኣማኑኤል ማዕረ ትገብር ሸቶ ረኸበት። ሓሙሽተ ደቒቕ ኣብ ዘይመልእ ግዜ እውን ሰምኦን ኣስመላሽ ዝረኸባ ኵዕሶ ንማሰመር ምክልኻል ኣልሂላል በሲዓ ኣብ ሰበይቲ ተራእየት። እንተኾነ፡ መሪሕነት ቀይሕ ባሕሪ ንሰለስተ ደቒቕ ጥራይ እዩ ጸኒሑ፣ ኣልሂላል ካብ ኢሰርም ተኸለዝጊ ብዝረኸበቶ ሸቶ፡ ወጽኢት ናብ ማዕረ ተቐየረ። ፍናኖም ዝበረኸ ተጻወትቲ ኣልሂላል፡ ንቀይሕ ባሕሪ ጸቕጢ ክፈጥሩላ ተራእዩ። ይኹን'ምበር፡ ጸወታ ኣብ ምዝዛሙ፡ ብወገን ኣልሂላል ዝተፈጥረ ንኣሽቱ ጌጋታት ዋጋ ኣኽፊሉ። ሰምኦን ኣስመላሽ ኣብ 82 ደቒቕ ንዕኡ ካልኣይቲ ንጋንትኡ ሳልሰይቲ ሸቶ ብምምዝጋብ ንቀይሕ ባሕሪ ኣቐሰና። ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ'ውን፡ መድሃኔ ረዳኢ ራብዓይቲ ሸቶ ብምምዝጋብ፡ ቀይሕ ባሕሪ 4-2 ተዓወተት። ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ካብ ቀይሕ ባሕሪ ሰምኦን ኣስመላሽ ተሸለመ።

ድሕሪቲ ግጥም ኣሰልጣኒ ቀይሕ ባሕሪ ኤርምያስ ተወልደ ብዘዕባቲ ዝረኸብዎ ዓወት ክገልጽ ከሎ፡ "ንኣልሂላል ኣቐሊልና ኣይረኣናያን፣ ዓቢ ግምት ኢና ሂብናያ፣ ዝኸሰርናዮ ዕድላት'ውን ዋጋ ኣኽፊሉና፣ ከም ወጽኢቱ ድማ ኣልሂላል በዪዙትና ነይራ። ተዓዊትና ብምውጽእና ግን ዕጉባት ኢና። ሕጂ'ውን ዕላማና፡ ናብ ዝቕጽል ግጥም ምስተን ኣርባዕተ መሪሕቲ ናይዚ ውድድር ኮይንካ ምሕላፍ እዩ" ኢሉ።

ኣሰልጣኒ ኣልሂላል ዓብደልለጢፍ ራኪ ብወገኑ፡ "መጋጥምትና ዓባይ ክለብ'ያ። ሐዚናዮ ዝኣተና ስልቲ ኣጻዋውታ ክንጥቀመሉ ክኢልና ኢና። ኣብዚ ተረፉ ዘሎ ጸወታ ከኣ ንደገፍትና ክንድብሶም ኢና" ኢሉ።

ድሕሪዚ ዝሰዓበ ግንኣሰጦ ኣልታሕሪርን ዘራኸበ ግጥም'ዩ ነይሩ። ዓንሰባ ካብ ቢንያም የናስ ኣብ መበል 23 ደቒቕ ሸቶ ረኺባ። ኣቐዲማ ምስ ኣስመራ በራ ማዕረ ዝተፈላለየት ኣልታሕሪር፡ ወጽኢት ንምቕልባስ ሓያል ጻዕሪ ኣርኣየት። እንተኾነ፡ ቀዳማይ ዕረፍቲ ሸቶ ኣይሰለጦን፣ ተመራሒ ዕረፍቲ ወጸት። ኣብ ካልኣይ እብረ ግን፡ ኣልታሕሪር ኣብ ተጻወትታ ምቕያር ብምግባር ንጸወታ ናብ ረቡሓ ቀየረቶ። ከም ወጽኢቱ ድማ ካብ ሚሮን ዓንደም፡ የናታን ተኸስተን ሄርሞን ገብረገርግሽን ብዘረኸበተን ሸቶታት 3-1 ተዓዊታ። በዚ ድማ ነጥባ ናብ ሸሞንተ ክብ ብምባል ኣብ ራብዓይ ደረጃ ተቐመጠት። ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዚ ግጥም ሚሮን ዓንደም ተሰምዩ።

ካብ ሰዓት 2:00 ድ.ቀ. ጸወተአን ዘለዩ እተን ብ11 ሸቶ ተበላሊጸን ቀዳማይን ካልኣይን ብምኻን ዝ. ውድድር ክቕልስኣ ዝጸንሓ ደንደንን ኣስመራ በራን እየን። ካብ ምፍላም ጸወታ ድማ ዝሓሸ ምንቅስቓስ ብኽልቲኤን ጋንታታት ተራእዩ። ደንደን ካብ ኣሚር መርሃዊ፡ ሳይሞን ሃብቱን ሚሮን ኣለምን ብዘረኸበቱን ሸቶታት፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ብመንገዲ ፋንኤል ኣስፍሃ ሓንቲ ሸቶ ዝረኸበት ኣስመራ በራ 3-1 ተዓዊተት፣ ነጥባ ናብ 14 ክብ ብምባል ድማ መሪሕነት ዓቂባ። ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዚ ግጥም፡ ኣብ ዝሓለፈ ጸወታታት ክልተ ግዜ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ዝተሰምየ ሚሮን ኣለም'ዩ ተሰምዩ።

ኣብ መዛዘሚ ዝተሰርዐ ጸወታ፡ ንኣፍዓበትን ጋሽ ባርካን ዘራኸበ ነበረ። እዘን ክለባት ብማዕረ ወጽኢት 2-2 ኣብ ዝተፈላለያሉ፡ ኣፍዓበት ብመንገዲ ኣቤል ብርሃ ክልተ ሸቶ ክትረኽብ ከላ፡ ጋሽ-ባርካ ድማ ካብ መትከል ሃይለን ኣቤል ካፍልን ሸቶ ረኸበት። ናይዚ ጸወታ ብሉጽ ተጻዋታይ ድማ ካብ ክለብ ኣፍዓበት ኣቤል ብርሃ ተሰምዩ።

## ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ቀጺሉ



ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ዝሰላሰል ዘሎ ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ሓሙስ 8 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ቅ.ቀ. ብዮጥሞት ባድሚንተን ኣብ ሜዳ ቦሊን መዓስከር ደንደን ቀጺሉ ኣርፊዱ።

ኣብቲ ዕለት ዝተጋጠማ ኣብ ናይ ንጽል ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ጋንታታት፡ ሰንጦቕ ንሳዋ 2-1፡ መኾተ ንብደሆ፡ ሸዕብ ንኸበሬ፡ ዓምበርበብ ንበሬር፡ ሓረና ንሳዋ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-0 ሰዒረንኦን።

ጋንታታት ንጽል ደቂ-ኣንስትዮ ሓረና ንሰንጦቕ፡ ዓምበርበብ ንሸዕላ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-0 ሰዒረአን።

ኣብ ናይ ድርብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ጸወታ፡ ሰንጦቕን ዓምበርበብን መሳጢ ግጥም ኣርእየን፣ ጸወታ ድማ ብዓወት ዓምበርበብ 2-1 ተዛዚሙ። ሸዕላ ንሳዋ ድማ 2-0 ኣፋንያታ።

ኣብ ድርብ ደቂ-ኣንስትዮ፡ በሬር ንሓረና፡ ሸዕላ ንሰንጦቕ 2-0 ተዓዊተናለን።


ኣብ ናይ ዝተሓናፈጹ ጋንታታት ዝተኻየደ ግጥም፡ ዓምበርበብ ንሸዕላ፡ ሓረና ንመኾተ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-0 ሰዒረናአን።

ሎሚ'ውን እዚ ውድድር ቀጺሉ ከምዝውዕል ህዝባዊ ርክብት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሓቢሩ።

## ሻቢ ኣሎንሶ፡ ካብ ባየር ለቨርኩሰን ናብ ማድሪድ

ኣሰልጣኒ ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሊቨርኩሰን ሻቢ ኣሎንሶ፡ ኣብ መዛዘሚ ናይዚ ወቕቲ ጸወታ፡ ካብ ሊቨርኩሰን ወጺኡ፡ ንቦታ ካርሎ ኣንቸሎቲ ተኪኡ ንርያል ማድሪድ ክሰልጥን ምዃኑ ተሓቢሩ።

ኣሎንሶ ነዛ ኣብ ካልኣይ ተርታ ሰሌዳ ቡንደስሊጋ ትሰርዕ ለቨርኩሰን፡ ካብ 2022 ኣትሒዙ ክሰልጥና ምጽንሑን ዝሙኑ ምስ ማድሪድ፡ ሊቨርፑልን ባየርሙኒክን ኣሕሊፉዎ። ሕጂ ድማ፡ ኖቲ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ንሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ንምስልጣን ዝወጠነ ኣንቸሎቲ ተኪኡ፡ ንሓንቲ ካብ ዘዐበያኦ ክለባት - ማድሪድ ክሰልጥና እዩ። ዛጊት ኣሎንሶ ብልክዕ ናብ ማድሪድ ዝግዕዘሉ ግዜ እኳ እንተዘይተሓብረ፡ ንሰለስተ ዓመት ክሰልጥና ኣብ ዝርርብ ከምዘሎ ይሕበር።



ርኡይ ለውጢ ከም ዘምጽኣላን ይፍለጥ። ንለቨርኩሰን ኣብ ቀዳመይቲ ዓመት ምስልጣኑ፡ ካብ መበል 15 ተርታ ናብ ሻድሻይ ሰሌዳ ቡንደስሊጋ ከም እትድይብ፣ ጸኒሑ ድማ ጽዋእ ቡንደስሊጋን ዋንጫ ጀርመንን ብዘይተሳዕረት ንኽትዓትርን ኣብ መዛዘሚ ኤውሮጳ ሊግ ካልኣይቲ ኮይና ንኽትዛዘም ኣኽኢልዋ እዩ።

እዚ ወዲ 43 ዓመት ኣሰልጣኒ፡ ነዚ ዝፍኖ ዘሎ ሓበሬታ ኣመልኪቱ ኣብ ዘሎ መግለጺ፡ "ምስ'ዛ ክለብ ተረዲዳእና ኣለና፣ እዘን ዝተርፋና ናይ ክልተ ሰሙን ጸወታታት ኣካይደ ምስዛ ክለብ ዘለኒ ጻንሒት ከብቅዕ'የ። ምፍልላይ ከቢድ'ዩ። ኣብዚ ምስዛ ክለብ ዘጸናሕኩዎ ሰለስተ ዓመታት ምስ ተጻወትተይን መሳርሕተይን ብዘዮጋእ ተፋንዮ ክኸይድ'የ ዝደሊ" ኢሉ።

ኣቐዲሙ ተጻዋታይ ሊቨርፑልን ሃገራዊት ጋንታ ስጳኛን ዝነበረ ኣሎንሶ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ካብ ማድሪድ፡ ሊቨርፑልን ባየር ሙኒክን ንኸሰልጥኖን ዝመጾ ጻውዒት ብምንጻግ፡ ምስ ለቨርኩሰን ክጸንሕ መሪጹ ነይሩ። ኣሎንሶ፡ ካብ 2009-17 ናይ ጸወታ


### መደብ ጸወታ

**ቀዳም**

ሻምፕዮን ክለባት ኵዕሶ እግሪ

ዓንሰባ - ደቡብ 8:00 ቅ.ቀ.

ኣልታሕሪር - ኣልሂላል 10:00 ቅ.ቀ.

ኣፍዓበት - ቀይሕ ባሕሪ 2:00 ቅ.ቀ.

ኣስመራ በራ - ጋሽ ባርካ 4:00 ቅ.ቀ.

**ፕሪመር ሊግ**

ፉልሃም - ኤቨርተን 5:00 ድ.ቀ.

ሳውዝሃምተን - ማንሲቲ 5:00 ድ.ቀ.

ዎልቭስ - ብራይተን 5:00 ድ.ቀ.

ኢፕስዊች ታውን - ብረንትፎርድ 5:00 ድ.ቀ.

ቦርንማውዝ - ኣስቶንቪላ 7:30 ድ.ቀ.

**ሰንበት**

**ፕሪመር ሊግ**

ነውካስል - ቸልሲ 2:00 ድ.ቀ.

ማንዩናይትድ - ዌስትሃም 4:15 ድ.ቀ.

ኖቲንግሃም ፎረስት - ሌስተር ሲቲ 4:15 ድ.ቀ.

ቶተንሃም - ክሪስታል ፓላስ 4:15 ድ.ቀ.

ሊቨርፑል - ኣርሰናል 6:30 ድ.ቀ.

**ላሊጋ**

ባርሴሎና - ርያል ማድሪድ 5:15 ድ.ቀ.


## ጂሮ ዲ'ኢጣልያ - ንቀዳማይ መድረኽ ፔደርሰን ተዓዊቱሉ

መበል 108 ውድድር ጂሮ ዲ' ኢጣልያ 2025፡ ትማሊ ዓርቢ 9 ግንቦት ብወግዒ መጋረጃኡ ኣርሒዩ።

ኣብዛ ቀዳመይቲ መድረኽ ጂሮ ዲ'ኢጣልያ፡ 184 ተቐዳደምቲ ካብ ከተማ ዱራዞ ናብ ከተማ ቲራና ኣልባንያ 160 ኪ.ሜ. ብምጕዓዝ ውድድሮም ኣካይዶም። እዛ ብሓያል ቮሊታ ዝተዛዘመት መድረኽ፡ ኣብ ብሉጽ ብቕዓት ከም ዝርከብ ዘንገረሉ ናይ ሸኣ ተቐዳዳማይ ማድስ ፔደርሰን ካብ ሊድል ትረክ፡ ንሓያል ናይ ሸኣ ተቐዳዳማይ



ክለብ ቪዝማ - ወት ቫንኣርት ረቲዑ ቀዳማይ ኮይኑ ብምእታው፡ ብሮጥባን ብቦዜን ይመርሕ ኣሎ።

ሎሚ ቀዳም ድማ፡ 13.7 ኪ.ሜ ዝሸፈነ ውድድር ካልኣይ መድረኽ ክካየድ እዩ። ጂሮ ዲ'ኢጣልያ 2025፡ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ከምዘይሳተፍዎ ይፍለጥ። እዚ ውድድር፡ 21 መድረኻት ከጠቓልል'ዩ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ


## መራሕቲ ሩስያን ቻይናን፡ ዝተፈላለዩ ስምምዓት ኪቲሞም

መራሕቲ ፈደረሽን ሩስያን ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን፡ ኣብ ሞስኮ ድሕሪ ዘካየድዎ ርክብ፡ ልዕሊ 30 ዝኾኑ ስምምዓት ከም ዝኸተሙ ተሓቢሩ።

እቶም ዝተኸተሙ ስምምዓት፡ ኣብ ምጥንካር ኩለ መዳያዊ ሽርክነትን ስትራተጂያዊ ምትሕግጋዝን፡ ዓለምለኻዊ ምርግጋእ፡ ሰደድ ሕርሻን ክልተኣዊ ምትሕብባር ኣብ ህዋን ዘጠመቑ ምዃኖም ድማ ይገልጽ ኣሎ።

ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ምስ ቻይናዊ መዘናኡ ድሕሪ ዝገበሮ ርክብ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገሩን ቻይናን ክልተኣዊ ንግድን ወፍርን ክዕብያ፡ ዘለወን ቀጠባዊ ርክብ ከጠንክራ፡ ኣብ ሓባራዊ ፕሮጀክትታት ቴክኖሎጂ ዘለወን ብጽሒት ክዕብያ፡ ከምኡ'ውን ፈጠራዊ ኣገባብ ኤሌክትሮኒካዊ ንግዲ ከማዕብላ ትጽቢት ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ፑቲን ወሲኹ፡ 200 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኦም - ኣብ ፋብሪካታት፡ መጐዓዝያ፡ ሎጂስቲክስ፡ ሕርሻ፡ ምውጻእ ማዕድናትን ካልኦት ኣገደስቲ ዓውድታትን ዘተኰሩ - ቀዳምነት ዝወሃቦም ኣስታት 90 ናይ ሓባር ፕሮጀክትታት ኣብ ምድላውን ኣብ ማስርሕን ከም ዝርከቡ ሓቢሩ።



## ኣመሪካን ብሪጣንያን፡ ኣብ ምንካይ ቀረጽ ተሰማሚዐን

ከም ኣካል እቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ብሪጣንያን ዝተበጽሐ ሓድሽ ንግዳዊ ስምምዕ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ናብ ዕዳጋታታ ዝኣትዋ ዝተወሰና ተሽከርከርቲ ብሪጣንያ ዝሰልዓቶ ናይ 25 ሚእታዊት ቀረጽ ናብ 10 ሚእታዊት ክትንክ፡ ከምኡ'ውን ሓዲንን ኣሉሚኒዮምን ብሪጣንያ ብዘይ ቀረጽ ናብ ዕዳጋታታ ክኣትዉ ከም ዝተሰማምዓት ተሓቢሩ።

እንተ ኾነ፡ ኣብ መብዛሕትኦም ካብ ብሪጣንያ ናብ ኣመሪካ ዝለኣኹ ዝተፈላለዩ ንግዳዊ ምህርትታት ዝተወሰነ ናይ 10% ቀረጽ፡ ኣብ ቦትኡ ክጸንሕ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ነቲ ዝሓለፈ ሓሙስ ወግዓዊ ዝኾነ ንግዳዊ ስምምዕ ፕረዚደንት ትራምፕን ቀዳማይ ሚኒስተር ኪር ስታመርን 'ኣገዳሲ' ኢሎም'ኳ እንተ ገለጽዎ፡ ክታሞም ግን ገና ከም ዘይነበሩሉ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኪር ስታመር፡ እቲ 'ታሪኻዊ' ዝበሎ ስምምዕ ቦታ ስራሕ ናይ'ቶም ኣብ ምፍራይ ተሽከርከርትን ሓጺንን ዝተዋፈሩ ኣሽሓት ዜጋታት ሃገሩ ኣብ ምውሓስ ዓቢ ግደ ከም ዝህልዎ ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ክልቲአን ሃገራት ነፍሲ ወከፈን ክሳብ 13 ሚልዮን ኪሎ ዝግመት ስጋ ከብቲ ብዘይ ቀረጽ ናብ ዕዳጋታተን ንምእታው ከም ዝተሰማምዓ ሰነዳት ወከልቲ ንግዲ ኣመሪካ ኣመልኪቱ።



## ቫቲካን - ሓድሽ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ተመሪጾም

ዝሓለፈ ሓሙስ ተወላዲ ኣመሪካ ዝኾኑ ወዲ 69 ዓመት ካርዲናል ሮበርት ፍራንሲስ፡ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ካቶሊካዊ ቤተ-ክርስትያን ዓለም ኮይኖም ተመሪጾም።

ካርዲናል ሮበርት ፍራንሲስ ድሕሪ ምምራጾም፡ 'ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ሊዮ 14' ዝብል ስም ተዋሂብዎም ኣሎ።

እዞም ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ክኾኑ ተመሪጾም ዘለዉ ካርዲናል፡ ናብ ኣደባባይ ቅዱስ ጴጥሮስ ብምውጻእ፡ ንመረጻ ሓድሽ ጳጳስ ይጽበዩ ንዝነበሩ ዓሰርተታት ኣሽሓት ኣመንቲ "ሰላም ምስ ኩላትኩም ይኹን" ብምባል ተላብዮሞም።

ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ሊዮ 14፡ ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ከም ሰባኺ ኮይኖም ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ደቡብ ኣመሪካ ክዮዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ 2023 ብፍራንሲስ ብጹእ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኣቡነ ፍራንሲስ፡ ሓላፊ መብዛሕትኦም ጳጳሳት ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ዓለም ኮይኖም ተሸይሞም።

መራሕቲ ሃገራትን ሃይማኖታትን ዓለምና፡ ንርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ሊዮ 14፡ ናይ እንቋዕ ሓጎሰኩም መልእኽቲ ይልእኩሎም ኣለዉ።

ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ሊዮ 14፡ ነቶም ን12 ዓመታት ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኮይኖም ኣብ ኣገልግሎት ድሕሪ ምጽናሕ ብዙሓይሮም ሕማም ዝሓለፈ 21 ሚያዝያ ኣብ መበል 88 ዓመቶም ዝዐረፉ ኣቡነ ፍራንሲስ ብምትካእ፡ ነታ ኣስታት 1.4 ቢልዮን ሰዓብቲ ከም ዘለዉዋ ዝንገረላ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ዓለም ክመርሕዋ እዮም።

ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ሊዮ 14፡ መበል 267 መራሒ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ዓለም ኮይኖም ዝተመርጹ ናይ መጀመርያ ሰሜን ኣመሪካዊ ብምዃኖም እውን ፍሉይ ኣቓልቦ ረኺቦም ኣለዉ።



## ቢል ጌትስ፡ 99 ሚእታዊት ካብ ሃብቱ ክውፍዮ ምኳኑ ሓቢሩ

ሓደ ካብ ቀዳሞት ሃብታማት ዓለምና ምዃኑ ዝንገረሉ ኣመሪካዊ ቢልዮናር ቢል ጌትስ ክሳብ 2045 ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ብመንገዲ 'ትካል ግብረ ሰናይ ጌትስ' ኣብሉ 200 ቢልዮን ዶላር ክውፈ ምዃኑ፡ ብምኽንያት መበል 25 ዓመት ዝኸረ ምምስራት ናይ'ቲ ትካል ቃል ኣትዩ።

እቲ መስራቲ ትካል ማይክሮሶፍት ዝኾነ ወዲ 69 ዓመት ብዓል ሃብቲ፡ 99 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ መጠን ሃብቱ ናይ ምልጋስ መደብኡ፡ ቅድሚ እቲ ዝተወጠነ ግዜ ንምትግባሩ የቀላጥፎ ምህላዉ ብምግላጽ፡ እቲ ዝልገሶ ሃብቲ (ገንዘብ) ኣብ ምጭባጥ ዓበይቲ ዕላማታቱ ማለት - ምጥፋእ ሕማማት ዓሶን ፖልዮን፡ ምክልኻል ሞት ኣደን ዕሸልን፡ ከምኡ'ውን ምጉዳል ዓለምለኻዊ ድኽነትን - ክውዕል ድሌት ከም ዘለዎ ሓቢሩ።

መግለጺ ቢል ጌትስ፡ ምምሕዳር ትራምፕን ካልኦት መንግስታትን ኣብ ምክልኻል ቀተልቲ ሕማማትን ጥሜትን ክውዕል ዝጸንሐ ኣህጉራዊ ባጀት ናይ ምንካይ ስጉምቲ ድሕሪ ምውሳዶም እዩ ዝስማዕ ዘሎ።

ቢል ጌትስ ምስ ሮይተርስ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት፡ ሓገዝ ክህባ ብዝጸንሓ ሃብታማት ሃገራት ዓለም ዝተወሰደ ምወላ ናይ ምቁራጽን ምንካይን ስጉምቲ ብትካላት ግብረ ሰናይ ክትካእ ስለ ዘይክእል፡ ድሕሪ ክንደይ ናይ ብዙሕ ዓመታት ጻዕሪ ኣብ ምንካይ መጠን ሞት ተመዝጊቡ ዘሎ ምዕባሌታት ኣብ ውሽጢ ሸዱሽተ ዓመታት ንድሕሪት ክምለስ ከም ዝኽእል ኣጠንቂቑ።

'ትካል ግብረ ሰናይ ጌትስ'፡ ኣብ 2000 ዓ.ም ብቢል ጌትስን ብዓልቲ ቤቱ ነበር መሊንዳ ጌትስን ዝተመስረተ ኮይኑ፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ምምካት ዝተፈላለዩ ሕማማት ዝውዕል 100 ቢልዮን ዶላር ሓገዝ ኣወፍዩ ከም ዘሎ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።




## ዕዳ ዩክሬን፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት ብዕጽፊ ወሲኹ

መጠን ሃገራዊ ዕዳ ዩክሬን፡ ኣብ ውሽጢ'ዞን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመት ብዕጽፊ ብምውሳኹ፡ እታ ሃገር ኣብ ዝቕጽል 30 ዓመታት'ውን ልቓሓ ምሉእ ብምሉእ ክትመልስ ኣብ ዘይትኽእለሉ ደረጃ በጺሓ ከም ዘላ፡ ሚኒስተር ፋይናንስ ናይ'ታ ሃገር ሰርጌይ ማርቸንኮ ትማሊ ሓሙስ ሓቢሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ መጠን ዕዳ ዩክሬን ኣብ ዘስክፍ ደረጃ በጺሑ ምህላዉ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ሃገሩ ግን ሕጂ'ውን ምልቃሕ ከተቋርጽ መደብ ከም ዘይብላ ገሊጹ።

ዩክሬን ኣብ 2022 ምስ ሩስያ ናብ ኲናት ካብ እትኣቱ ንደሓር፡ ካብ ኣመሪካ፡ ሕብረት ኤውሮጳን ካልኦት ሃገራትን ናይ ኣስታት 171 ቢልዮን ዶላር ወተሃደራዊ፡ ፋይናንሳውን ሰብኣዊ ሓገዛትን ብመልክዕ ልቓሕ ከም ዝተቐበለት፡ መዛግብቲ ናይ'ታ ሃገር የመልክቱ።

እቲ ዩክሬን ተለቂሓቶ ዘላ ልዑል መጠን ዕዳ፡ ኣብ መጻኢ ሃገራዊ ግዴታታታ ንኸይተማልእ ማሕለኻ ክፈጥረላ ከም ዝኽእል፡ ክኢላታት ናይ'ቲ ዓውዲ ስክፍታታቶም ይገልጹ ኣለዉ።

ሰርጌይ ማርቸንኮ፡ ኣብቲ ንህሉው ኩነታት ዩክሬን ኣመልኪቱ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሃገሩ ዋላ ካብ ኲናት ወጺኣ ንሓሳ ሰላም ኣብ እተተንፍሰሉ እዋን'ውን እንተ ኾነ ተወሳኺ ምንጪ ምወላ ከም ዘድልያ ሓቢሩ።




ተረኛ ፋርማሲ: ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበሳ
ዕለት: 10/05/2025
ጎደና: ጎደና ዓዲ ሓወሻ 175 ቁ.ገዛ 58 ከባቢ ፖስት ኦፊስ ፊት ፎቶ ኤርትራ
ቁ.ስልኪ: 200141
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ	ቁ.ቴሌፎን 127565